# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.11 | ቀዳም 12 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ብመደብ ምኽድን ረብሓኡን



ገጽ 4
“ሕርሻ፡ ተበላሒትካ. . .



ገጽ 5
በጨቕታ ስምዒት



ገጽ 9
ስብ ዝተሓበነለን ስነ ጥበበኛታት



ገጽ 11
ሻምፕዮን ውድድር ቼስ ኤርትራ ተዛዚሙ




## ብምኽንያት በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ፡ ኣብ ምም/ከባቢ ገረንፊት ህዝባዊ ጽንብል ተኻዪዱ

ኣብ'ቲ ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ሚኒስትሪ ዜናን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዝተወደበ ድግስ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ዝርከብዎም ሰብ-ሞያ፡ ትካላት መንግስቲ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ወከልቲ ህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ገረንፊትን ተሳቲፎም ነይሮም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ናይ እንቋዕ ኣብቅዓኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምትሕልላፉ፡ ቅዱስ የውሃንስ ሓደ ካብቶም ክቡር ባህልን ክብሪታትን ሕብረተሰብና ዘንጸባርቐሉም ሃይማኖታውያን በዓላት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀንያት ዝኸሪ ባእቲ መስከረምን ወርቃዊ እየብልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ምብዓሉ ድማ ዝያዳ ማዕርግ ከም ዝወሰኾ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ብጉጅለ ኣሰር ዝተፈላለየ ባህላዊ መሰናድኣታት፡ ብያታዊ ጉጅለ ባህሊ ምምሕዳር ከባቢ ብሪር ድማ፡ ያታዊ ጸወታታትን ምርኢት ቅድድም ኣጋማልን ቀሪቡ።



ሰእሊ ክብሮም ጸሃየ

## ደቡብ - ብመንከስቲ ጣንጡ ካብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ጥንቃቐ ክግበር መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ዘሎናዮ ወቕቲ፡ ብመንከስቲ ጣንጡ ዝመሓላለፉ ሕማማት ዝኽሰቱሉ ስለ ዝኾነ፡ ሕብረተሰብ ንቕሓቱ ኣብሪኹ ጥንቃቐ ክዘውትር፡ ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደቡብ ሓላፊ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ሕማም ዓሶ ኣቶ ሚካኤል ሃብተማርያም ኣተሓሳሰቡ።

ካብ ሓምለ ክሳብ ታሕሳስ ጣንጡ ብብዝሒ ዝፋረዩሉ ምስ ምዃኑ፡ ቀጽሪ መልከፍቲ ብመንከስቲ ጣንጡ ዝመሓላለፉ ሕማማት ከም ዓሶ፡ ረሻ ደንጎ፡ ከርፊስን ብዓጌ ወይቦን ከም ዝወሰኽ ብምጥቃስ፡ ንምክልኻሎም ሕብረተሰብ ጽሬት ከባቢኡ ክሕሉን ናመሲያ ብዓገኡ ክዘውትርን መኺሩ።

ምንጻግ መድሃኒት፡ ከባብያዊ ጽሬት፡ ምዕዳል ናመሲያ፡ ቅልጡፍ መርመራን ፍወሳን፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ክብ ምባል፡ ከምኡ'ውን ንወከልቲ ጥዕና ዓድን ኣባላት ሚኒስትሪ ጥዕናን ስልጠናታት ምሃብ ካብ'ቶም ቀንዲ ንጥፈታት ምክልኻል ሕማም ዓሶ ምዃኖም ዝገለጹ ኣቶ ሚካኤል፡ እዚ ብዓገኡ ስለ ዝተሰርሓሉ፡ መጠን መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት 6 ኣዋርሕ ብምንጽጻር፡ ብ39 ሚእታዊት ከም ዝጎደለ ኣገሊጹ።

ተጠቀምቲ ናመሲያ ክዓቢን ቀትሪ ይኹን ለይቲ ብዘየቋርጽ ክዘርግሕን ብምዝኽኻር፡ ብፍሉይ ንፍሱጻራትን ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናትን ፍሉይ ክንክን ክግበረሎም ተማሕጺኑ።

ኣቶ ሚካኤል ኣብ መወዳእታ፡ ምልክታት ዓሶ ምስ ዝስመዖ ተቐላጢፍካ ናብ ትካል ጥዕና ምኻድን ንዝወሃብ መድሃኒት ብስሩዕ ምውሳድን ክልመድ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ 85 ሚእታዊት ካብ መጠን መልከፍቲ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ማይ-ምነ፡ ዓዲ-ኳላ፡ ዓረዛ ማይ-ዓይኒን ጸሮናን ከም ዝምዝገብ፡ ጸብጻብ ጥዕና የረድኡ።

## ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ኣብ ኣገዳስነት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኣብ ዲያስፖራ ዝዘተየ ዋዕላ ተቓኒዑ



ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ኣብ 19 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝሰርሑ መምህራን፡ ኣወሃሃድቲ ትምህርትን ሓለፍቲ ውዳቤታትን ዝርከብዎም ልዕሊ 60 ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ዋዕላ ኣብ ኣገዳስነት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ተቓኒዑ።

እቲ ብ5 መስከረም ኣብ ጀኒቫ ዝተቓንዐ ዋዕላ፡ ኣብ ኣገባብ ኣመሃህራ፣ ንመምሃሪ ዘገልግሉ መጽሓፍትን ዓይነቶምን፡ ኣቃውማ ቤት-ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ፡ መምህራንን ምድላው ካሪክለምን፡ ኣገባብ ኣመሃህራን ትሕዝቶን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ተራ ኣብያተ-ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኣብ ምኽሳብ ፍቕሪ ሃገር ዘተኮረ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ዘተ፡ ተመሃሮ ቁልዑ ብኤርትራዊ ክብርታትን ስነምግባርን ክህነጹን ምስ ታሪኽን ባህልን ሕብረተሰቦምን ሃገሮምን ክላለዩን ክኸዱ ኣብ ዘለዎ ጸዕሪ ኣብ ዝቐረበ ወረቐት ሰፊሕ ዘተ ክኸይድ ከሎ፡ መምርሒታት ምሕደራ ናይ'ተን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ንትሕዝቶን ምድላው መጽሓፍትን እትሓድፍን እተወሃህድን ሓይሊ ዕማም ቈይሙ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብ መምህራን ዘተኮረ ስልጠናታት ክድፋኣሉን ሕጽረት መምሃሪ መጽሓፍቲ ክፉታሕን ተማሕጺኖም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ግራውብንደን ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን ዘተኮረ ህዝባዊ ሰሚናር ክኸይድ ከሎ፡ ከርቲ ከተማ ሲዮን ዞባ ቫለ ድማ ኣብ ጽንብል መዓልቲ ባንዴራ ብምስታፍ፡ ንባህልን ሰንደቕን ሃገሮም ዘለዎ ንጥፈታት ኣካዪዶም።

**ዜና**

# ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ምዕዳል ናውቲ ትምህርቲ ብጽፉፍ ይሰላሰል ከምዘሎ ገሊጹ


ሰእሊ. ሮቤል መረሰዕ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ንዓመተ-ትምህርቲ 2026/2027 ዘገልግል መሰረታዊ ናውቲ ትምህርቲ፡ ናብ ኩለን ዞባታት ብስሉጥን ጽፉፍን መንገዲ ክዝርጋሕ ከም ዝጀመረ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስ ኣቶ ጉብረሃንስ ሓጎስ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምዝርጋሕ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ሃገርና ኣብ 2006 ከም ዝጀመረ ብምጥቃስ፡ ብዓይነቶምን ትሕዝቶኦምን ብሉጻትን ተወዳደርትን፡ ብዋጋኦም ድማ ካብቲ ኣብ ዕዳጋ ዘሎ ዝሓሰረ ናውቲ ብመንገዲ ንጉዳዊ ኩባንያ ቀይሕ ባሕሪ ተዓዲጉ ብርትዓዊ ዋጋ ከም ዝሰፋፈል ኣብሪሁ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ካብ መጀመርያ ወርሒ ጥሪ ጠለብ ናይ ዝኣቱ መምሃሪ ናውቲ ከም ዘቕርብ ዝሓበረ ኣቶ ጉብረሃንስ፡ በዚ መሰረት - ሎሚ ዓመት ኣብ ወርሒ ሓምለ ናብ ሃገር ክኣቱ ዝግዙእ ዝነበረ፡ ምስ ዓለማዊ ኩነታት ኣብ መውዳእታ ወርሒ ነሓሰ ከም ዝኣተወ ብምሕባር፡ እቲ ናይ ምዝርጋሕ መስርሕ ድሮ ተጀሚሩ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ሎሚ ዓመት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ክኣቱ ዝጸንሐ 18 ዓይነታት መሰረታዊ ናውቲ ትምህርቲ፡ መምህራን ዝግልገሉሉ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎ ኩሩሻት፡ ከምኡ'ውን ንፈተናን ኣብያተ-ጽሕፈትን ዝኸውን ወረቓቕትን ዝርከቡ ኣስታት 3.3 ሚልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ናውቲ ከም ዝኣተወ ብምሕባር፡ ህዝቢ ነቲ ብርትዓዊ ዋጋ ዝሸየጥ ዘሎ ናውቲ ትምህርቲ ብግቡእ ክጥቀመሉ፣ ኣብ ዘይመዓልኡ ክውዕል ንዘተዓዝቦ ድማ ከቃልዕ ኣዘኻኺሩ።

# ኣብ መደባት ምጥፋእ መሃይምነት ዝምዝገብ ዘሎ ዓወት ንምዕቃብ፡ ውሁድ ጻዕሪ ከም ዘድሊ ተገሊጹ

ኣብ መደባት ምጥፋእ መሃይምነት ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወት ንምዕቃብ ውሁድ ጻዕሪ ናይ መላእ ሕብረተ-ሰብ ከምዘድሊ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምኽንያት 8 መስከረም - ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ገሊጹ።

ንጥፈታት ምጥፋእ መሃይምነት ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ከም እተሰርሓሉ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ካብ 2000 ዓመተ-ምህረት ሓደ ካብ ቀዳምነታት መንግስቲ ኮይኑ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ብኹለን ቛንቛታት ሃገርና ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ዕማም ምዃኑ ዝጠቐሰ'ቲ መልእኽቲ፡ ኣብ 2008 ብደረጃ ሃገር 65 ሚእታዊት ዝነበረ መጠን ምጥፋእ መሃይምነት፡ ኣብ 2025 ናብ 80 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ኣረዲኡ።

እዚ ብጾታ ክርኣ ከሎ፡ መጠን ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ደቂኣንስትዮ 57 ሚእታዊት ዝነበረ ናብ 72 ሚእታዊት፣ ኣብ ደቂተባዕትዮ ድማ ካብ 74 ናብ 85 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ብምንጻር፡ ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ጾታታት ዝነበረ ናይ 17 ሚእታዊት ፍልልይ፡ ናብ 12 ሚእታዊት ክጽበብ ከምዝኸኣለ ብዝተወሳኺ ኣብሪሁ።

ተመዝጊቡ ዘሎ ውጽኢት ዘተባብዕ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ገለ ዞባታት ዘሎ ትሑት ውጽኢት ንምምሕያሽ፡ ዞባታት ኣብ ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብ 2025 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ብምምርኳስን ገምጋም ብምክያድን፡ ኣብ ምሕያል መሰረተ-ትምህርቲ ብሓፈሻ፡ ምጥፋእ መሃይምነት ከኣ ብፍላይ ብውጥን ክሰርሓ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣዘኻኺሩ።

ንናይ መጻኢ መደባት ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ዝቕጽል ሓሙሽተ ዓመታት፡ ኣብ'ቲ ዕድል ከይረኸበ ዝጸንሐ ምምሕዳራት ክቡብን ዓድታትን ከምኡ'ውን ኣብ'ተን ትሑት ተሳታፍነት ዘርኣያለን ዞባታት ብምትኳር፡ መሃይምነት ንምምካት ከምዝዕየ ኣነጺሩ።

8 መስከረም - ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ብደረጃ ሃገር ንመበል 25፣ ብደረጃ ዓለም ድማ ንመበል 60 ግዜ ትዝከር ኣላ።

# "ዝተዋህበና ሽልማት፡ ዝያዳ ክንተግህ . . ."

ካብ 9ይ ገጽ ዝቐጸለ

ተማሃራይ ኣማኑኤል ተስፋሚካኤል እውን ካብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሰምበል ኮይኑ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ ዝተሸለመ'ዩ። ተማሃራይ ኣማኑኤል፡ ነዚ ዓወት ክጉናጸፍ ዝበቕዐ፡ ስለ ዘጽንዐን ንትምህርቲ ተገዲሱ ሳላ ዝሓዞን ምዃኑ ይሕብር። ምስኡ'ውን ምሉእ ምብርታዕን ምኽትታልን ወለዱን ምኽርን ሓገዝን መማህራኑን ኣካል ዓወቱ ከም ዝኾነ ኣብሪሁ። "ዝተዋህበና ሽልማት፡ ዝያዳ ክንተግህ ደሪኹና ኣሎ" ድማ ኢሉ።



ተማሃራይ ሮዳኒ ዳዊት

ተማሃሪት ፌሩዝ ኣልኣሚን'ውን ካብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሰምበል'ያ። ተማሃሪት ፌሩዝ፡ ኣብ ማትሪክ 3.6 ነጥቢ ኣምጺኣ ዝተሸለመት ኮይና፡ ዓላማኣ ፈሊጣን ንግዜኣ ብግቡእ ተጠቒማን ሳላ ዝተማህረት፡ ኣብ'ዚ ዓወት ከም ዝበጽሐት ትሕብር። ምስኡ'ውን፡ ደገፍን ምትብባዕን ወለዳን ሓገዝ መማህራናን ከምዝይተፈልያ ተረድኣ። ወላዲታ ወ/ሮ ዘቢባ ሳልሕ ብወገና፡ ፌሩዝ ጓላ ጽዒራ ኣብ ጻማ ክትሓፍስ ምብቅዓ ሓጎሳ ወሰን ከም ዘይብሉ ጠቒሳ፡ ብሕጂ'ውን መፈጸምታኡ ክትርኢ ዘለዋ ምንዮት ገሊጻ። ኩሎም ዝሸለሙ ዘለዉ ተማሃሮ፡ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ በጺሖም ጻማ ህዝቦምን መንግስቶምን ዝኸፍሉ ይግበሮም ድማ ኢላ።

ተማሃራይ ሱሄብ ሙዓውያ ጃዕፈር'ውን፡ ካብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሰምበል ኮይኑ፡ 3.8 ኣምጺኡ ሽልማት ዝዓተረ'ዩ። ተማሃራይ ሱሄብ፡ ኣብ ትምህርቱ ክዕወት ዝኸኣለ፡ ጻዒሩ ስለ ዘኪታተለ፣ ቅድሚ ሳዋ ምውራዱ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ደጊሙ ስለ ዘጽንዐ፣ ኣብ ሳዋ'ውን ነቲ ዝተዋህቦ መደብ ተኸቲሉ ስለ ዘጽንዐ ምዃኑ ኣረዲኡ። ንሽልማቱ፡ ኑቶም ካብ ንእስነቱ ሓጊዞም ትምህርቲ እናምሃሩን እናተኸታተሉን ኣብ'ዚ ዘብቅዕዎ ወለዱ ከም ዘወፍዮ ድማ ሓቢሩ። ኣብ ሳዋ፡ ሓቢርካ ምንባር፡ ምርድዳእ፡ ትዕግስትን ፍቕርን ከም ዝተማህረ ብምግላጽ ከኣ፡ ኩሉ ተማሃራይ ብሳዋ ክሓልፍ ከም ዘለዎ መኺሩ። ወላዲቱ ወ/ሮ ሳዕዲያ ዓሊ'ውን፡ ብዓወት ወዳ ኣዝያ ሕጉስቲ ምዃና ብምግላጽ፡ ሱሄብ ወዳ ጻዕራምን ብፕሮግራም ተመራሒ ዝኸይድን ምዃኑ ብምምልካት፡ ኣብ ኮለጅ'ውን ብተመሳሳሊ ጉዕዞ ኪይዱ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ሰናይ ምንዮታ ገሊጻትሉ።


ተማሃራይ ክብሮም ፍስሃየ


ተማሃራይ ህዝቅኤል መንገሻ



ተማሃራይ ሱሄብ ሙዓውያ



ተማሃሪት ለምለም ተኪአ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም　　ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ　　ሰለሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ኲርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ብመደብ ምኻድን ረብሓኡን

መደብ ምስራዕ ንስራሕካ ከም ዝቐልል'ዩ ዝገብሮ። ከምቲ ንሓደ ጎቦ ብሓደ መዓልቲ ከተፍርሶ ዘይከኣል፡ ንዕዮኻ ወይ ዕማምካ'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ሓደ ግዜ ከትዓማ ክኸብድ ይኽእል። መደባት ምስራዕ ህይወትካ ሰሪዕካ ክትከይድ ኣብ ርእሲ ምሕጋዙ፡ ህይወትካ ብዝቐለለ ክትመርሖ የኽእል። እንታይ ትገብር ኣለኻን እንታይ ክትገብር ኢኻን ኣጸቢቕካ ስለ እትርዳእ ካብ ክሳራን ጣዕሳን ነጻ የውጽኣካ። ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲኻ ዘሎ ንጥፈታት ብሓደ ሰሙን ክዕቀን ከም ዝከኣል ኣብ ዝሓለፈ ክንጠቕሶ ቀኒና ኢና። ኣብ ሓደ ሰሙን እትገብሮ ንጥፈት እናተደጋገመ ናብ ኣዋርሕን ዓመታትን ብምብዛሕ ድምር ህይወትካ ምሉእ ይኸውን።

ንሓደ ሰሙን ኢልካ እትምድቦ መደብ እምበር ዝነወሐ መደብካ ጌርካ'ውን ክውሰድ ይከኣል። ብዙሓት ተመሃሮ፡ ብበበይኑ ምኽንያታት ፈተና ምስ ኣተወ ከጽንዑ ዝጅምሩ ኣለው። ከምቲ ሓደ ጎባ ብሓደ እዋን ክፈርስ ዘይክእል ዝበልናዮ፡ ሰሚስተር ምሉእ እተመሃርካዮ ድሮ ኣጽኒዕካዮ ኣቲኻ ክትዕወተሉ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። በብግዜኡ ከተጽንዮም ዘይመኽኣሊኻ ምኽንያታት ብዙሓት እዮም። ጻዕቂ ትምህርቲ፡ ብዝሒ ዕዮግዛታት፡ ስራሕ፡ ጸወታ፡ ወዘተ. ኵሉን ንግዜኻ'ዩ ዝበልዖ። ብግዜኻ'ዩ ዝካወን።

መደብ ክትምድብ እንከለኻ እንታይን መዓስን ከም እትዓሞ ኢኻ ተቐምጥ። መደቡ ብጥንቃቐ ዝርቀቐ ሰብ ሓሲቡዎ ዘይፈልጥ ማእለያ ዘይብሉ ነጻ ግዜ'ዩ ዝረክብ። መድብ ምውጽእ ማለት ንገለ ተመሃሮ፡ ህይወትካ ምእሳር ገይሮም ዝርድኡዎ ኣይሰኣኑን። መደብ ምውጻእ ማለት ትሰርሓሉ፡ ተጽንዓሉን ትዘናግዓሉ ግዜ በብመጠኒ ከፋፊልካ ምክዋን ማለት'ዩ። እቶም ኣብ ድሮ ፈተና ሃተምተም ዝብሉ ተመሃሮ እምበር ንኹሉ ዝኸውን ግዜ ከም ዘሎዎም ክርድኡ የድሊ። ኵሉ ግዜ ዘይትርሳዕ ሓረግ ኣላ፡ ቀዲምካ መድብ፡ ኣቐዲምካ ዕዮ።

ኣብ ሓደ ዓመት ከባቢ 35-40 ናይ ስራሕ (ትምህርቲ) ሰሙናት ኣለዋ። እዚ ንሓርፋፋዊ ውጥንካ ክመርሓካ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ከምቲ ኣቐዲሙ እተባህለ ናይ ሰሙን መደብ ምስራሕ ንዓሰርተ ኣዋርሕ መደብ ከም ምስራዕ ስለ ዝኾነ፡ እዘን ኣብ ሓደ ዓመተ ትምህርቲ ዝርከባ ሰሙናት ከከም እዋነን ንመድበለን። ሰሙናዊ መደብና ኣብ ሓደ ሰሌዳ ንሓዞ። እቲ እነጽንዓሉ ሰዓታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኵሉ እቲ ማሕበራዊ ንጥፈታትና ኰነ ዕረፍትና ንጽሓፎ። ከምኡ ምግባርካ እትረብሖ ውሑድ ኣይኮነን።

- ሓንሳእ ናብ ሰሌዳ መደብካ ጠሚትካ ግዜኻ ትሰርዕ

- ህርኩትና ተጥሪ

- ኣብ ሰዓቱ ክርከብ ዝግበኦ ስራሓት ከተረክብ፡ ወይ'ውን ኣብ ሰዓቱ ክዕመም ዝግብኦ ትዓምም

- ብግዜ ምስርሓን ምውድእን ሓደ ካብ ባህይርያት ዕብየት ብምዃኑ ኸኣ ክልውጠካ'ዩ።

ሰሙናዊ መደብ ዝነውሐ ውጥን እዩ። እዚ ሰሙናዊ መደብ ዕውት ክኸውን እንተ ኼይኑ ናይ መዓልታዊ ቀሩብ እተዳቐቐ መደብ ኣውጽእ። እዚ እተዳቐቐ ናይ መዓልቲ መደባትካ ተደማሚሩ ንሰሙናዊ መደብካ ይጸልዋ ብምዃኑ ብጥንቃቐ ክትሕዞ ይግባእ። እትትስኣሉ፡ እትመሃረሉ፡ እትምገበሉ፡ እተዕርፈሉ፡ እተጽንዓሉ፡ ወዘተ ኵሉ ብደቂቕን ልክዕን ክምላእ ሓጋዚ'ዩ። ኣብ ግዜ በቃቕ ኲን። ምስ ነብሲኻ ግዜ እናተጸባጸብካ፡ እቲ እትገብሮ ኣብ ሰዓቱ ግበሮ። ሓደ ንጥፈት ነቲ ድሕሪኡ ዝመጽእ ካልእ ንጥፈት ግዜ ክሻወሞ ኣይግባእን። ክሻወሞ እንተ ጀሚሩ ቀልጢፍካ እንተ ዘይኣሪምካዮ፡ ብእኡ መጥን ንስኻ ካብ መደብካ እናረሓቕካ፡ ስራሕካ እናተጕተተ ይኸይድ። ንጽባሕ ይኹነለይ ዝብሃል ዕማም ክህሉወካ'ውን ኣይጽቡቕን።

ብመሰረት መዓልታዊ ይኹን ሰሙናዊ መደብካ፡ ንኽጽናዕ ወይ ንኽዕየ እተሰርዐ ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብቶም ዝሰርዑ መደባት ኣየን ይቕድም ኣየንከ ይድሕር ምፍላይ የድሊ'ዩ። እዚ ቀዳምነታት ምስራዕ ሓደ ካብ ኣገዳሲ ባህርያት ንፉዓት ተመሃሮ እዩ። መደባትካ ምስ ግዜን ኲነታትን ንኽትተዓጻጸፍ ዘፍቅዱ ክኾኑ ተመራጺ እዩ። ኣብ ጕዕዞኻ ብሃንደበት ዝመጽኡኻ፡ ከም ፕሮጀክት፡ ፍሉይ ዕዮ፡ ፈተና፡ መጽናዕታዊ ወረቐት፡ ዑደት፡ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ኣለው። ኣብ መደብካ ስለ ዘይጸንሑ "ካብ መደበይ ኣይወጽእን'የ'ሞ ባዕሎም ይፈልጡ፡" ክትብል ኣይከኣልን። እዚ ከም ኣብነት መጺኡ እምበር ኣብ መደብካ ክኣትወካ ዝኽእል ዘይስገር ኣጋጣሚታት መሊኡ'ዩ። ኵሉ ግዜ ቀዳምነታትካ ምንጻር ኣብ ከምዚ ዝበለ ጋዕገልጠም ግዜ ብንጹር ክትሓስብን ክትገብሮ ዘለካ ክትፈልጥን ይሕግዘካ።

ቀዳምነታት ብሰለስተ መገዲ ክርአ ይከኣል፥

### 1. ህጹጽ

እቶም ኣብዚ ምድብ እትሰርዖም ንጥፈታትካ፡ ሽዑ ንሽዑ ክግበሩ ዝግብኦም ወይ ክዕየዩ ዝግብኦም እዮም። እዞም ኣብ ናይ 'ህጹጽ' ምድብ እትምድቦም ብምልኦም ንእሎቱ ይግበሩ፣ ኣይሓድሩ ኣይውዕሉ።

### 2. ኣገዳሲ

ድሕሪ እቲ ብህጹጽ ክዕየ ዝግብኦ ዝመጽእ መነጻጸሪ ነጥቢ ኣገዳስነት ናይቲ ንጥፈት እዩ። ኣገዳሲ እዩ እትብሎ ዕዮ ወይ ዕማም ምስ ዝህሉ ቀልጢፍካ ክትሸፍኖ ከድልየካ እዩ። ኣየናይ ካብ ኣየናይ የገድስ ምፍላይ የድሊ። እዚ ግዜኻ ቅድም ኣብቶም ዝግብኦም ዘገድሱኻ ብምጥቃም ክትረብሓሎም የኽእል።



### 3. ዘየህውኽ

እዚ ሳልሳይ ነጥቢ እቶም ኵሉ ግዜ ክትገብሮም ዘለካ፡ ግን ከኣ ኣመና ኣህወኽቲ ዘይኮኑ ንጥፈታት እተቐምጠሉ ምድብ እዩ። ዘየገድሰካ ነገር ወይ ንጥፈት ክትዓሞ ግዜኻ ተጥፍኣሉ ምኽንያት የለን። እዞም ኣብዚ ምድብ እተቐምጦም ኵሎም በብደረጃኦም ኣገደስቲ እዮም። ግና ከተርክበሎ እትኽእል፣ ንመደብካ ተዓጻጻፊ ንኽኸውን ዝሕግዙ እዮም።

ብሓፈሻኡ ነዚ ንምግባር ክተሓወወስካ ይኽእል እዩ። እቶም እትገብሮም ኵሎም ኣብ ሓደ ሰሌዳ እንተ ጽሒፍካዮም ኣየናይ ካብ ኣየናይ ክቕድም ይግብኦ ክትፈሊ ኣየጸግምን እዩ። እቶም ሃንደበት ዝመጽኡ ግን ከኣ ንእሎቱ ክዕመሙ ዘለዎም ኣብ ቅድሚት ክትሰርዖም ስለ ዘገድዱ፡ ነቲ ብድሕሪኡ እትዓሞ ኣቐዲምካ ከተነጽሮ ኣለካ።

ሓደ ሓደ እዋን ብውሽጢኻ 'ከምዚን ከምዚን ክገብር እየ፡' ኢልካ ሓሲብካ፡ ካብ ዝሓሰብካዮ ንሓደ'ኳ ከየሳለጥካ ትሓልፈሉ እዋን ኣሎ። መደባትካ ኣብ ወረቐት ኣስፊርካ ኣብ ዝረኣየካ ቦታ ኰነ ጁባኻ ምቕማጥ ካብ ከምዚ ሽንኮለል የድሕን። ካብ ኣብ ውሽጢኻ ጥራይ እትሰርዖ መደብ፡ እቲ ኣብ ወረቐት ኣስፊርካ ዘርቀቕካዮ መደብ ንኽዕመም ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎዎ። ስለዚ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት፡ ንዕዮኻ፡ ዕማምካ፡ ሓሳብካ ኰነ ካልእ ዘጋጥመካ ነገራት እተቐምጠሉ ዳየሪ ክህሉወካ ኣገዳሲ እዩ። ምህላው ጥራይ ዘይኰነ ብዘይ ምህካይ ክትጽሕፍ ኣለካ። ዳየሪ እተስፍረሉ ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣሎ። ገለ ኣብ ጥራዝ ይጽሕፉ፡ ገለ ኣብ ኮፕዩተርም ይጽሕፉ፡ ገለ መዓልታዊ ካርድ ብምድላው ይጽሕፉ፡ ወዘተ.፣ ኵሎም ግን ዕላማኦም ጥቕሞም ሓደ'ዩ።

ሓደ ሓደ እዋን'ውን ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ወይ ልዕሊኡ ህጹጻት ወይ ዘገድሱ ንጥፈታት ክገጥሙኻ ይኽእሉ እዮም። ንዕኦም'ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከተካውኖም ፈትን። ንመደብካ'ውን ክዘራርጉልካ ይኽእሉ እዮም፣ ግና ካብኡ ተማሂርካ ኣብ ቀጻሊ ብግቡእ ክትዋጽኦም ኣለካ።

ካልእ ኣገባብ ምስራዕ ቀዳምነታት ከኣ እቲ ብ"4D" ዝፍለጥ ኣገባብ'ዩ። "4D" ክዝርዝር እንከሎ፡ "Dump፡" "Delay፡" "Designate፡" ከምኡ'ውን "Do it፡" ማለት'ዩ።

"Dump፡"/ጕሓፍ/፥ ፈጽምካ ክትገብሮ ዘይብልካ ንጥፈት

"Delay፡"/ዝጸንሕ ወይ ዝሰጋገር/፥ ክትጕሕፎ ዘይብልካ ንጥፈት

"Designate፡"/ውሱን/፥ ከተጻንሖ ወይ ከተሰጋግሮ ዘይብልካ ንጥፈት

"Do it፡"፥ ፍርሳ ዕመሞ።

ሃረርታ ብርሃን


## ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

### በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




## ዳእላ ተመሃሮ

My attitude in exams,

They give me questions which I don't know,
I give them answers which they don't know.

* * *

Height of Innocence:

Kid (on phone: Madam, My son will not come to school today!

Madam: Who are you?

Kid: My Papa Speaking!

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ካብ ቅኑዕን ተስፋ ቈረጽን ምዃን፡ ግጉይን ትስፉውን ምዃን ይሕሸኒ።"

- Albert Einstein

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ


# "ሕርሻ፡ ተበላሒትካ ንኽትሰርሕ ርሒብ ዕድል ዝኸፍት ዓውዲ እዩ"



ኣቶ ሞገስ ጸጋይ

*ኣቶ ሞገስ ጸጋይ ይብሃል። ኣብ ባረንቱ ዞባ ጋሽ ባርካ ይቕመጥ። ኣብ እተፈላለየ ንጥፈታት ሕርሻ ዘለምዕ እኳ እንተኾነ ኣብ ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ኣተኩሩ ዝነጥፍ ዘሎ ኣብነታዊ ሓረስታይ እዩ። ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን፡ ወኪል ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ መብራህቶም ገብረሂወት፡ ምስ ሓረስታይ ሞገስ ጸጋይ ዘካየዶ ሓጺር ዕላል ቀሪቡ ኣሎ፡ ይስዕብ፦*

*** ምስ ድሕረ-ባይታኻ ከተላልየና፧**

ብ1961፡ ኣብ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ መንሱራ ኣብ ገርገር ተወሊደ፡ ኣብኡ ዓብየ። ወለደይ ልዑል ድልየት ትምህርቲ ስለዝነበሮም፡ ኣብ ሸሞንተ ዓመት ዕድመይ ኣብ ምለዛናይ ትምህርቲ ጀሚረ። እንዳ ኣቦሓጎይ እናተቐመጥኩ ዝመሃር ግዱስ'የ ነይረ። ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርተይ ከኣ ኣብኡ ዛዚመ። እንተኾነ፡ ቀዳማይ ክፍሊ እናተማሃርኩ፡ ብድንገት ኣቦይ ተመን ነኺስዎ ስለ ዝዓረፈ፡ 'ኣደይ ዝሕግዛ ዘይብላ፡ ኣሕዋተይ መን ከዕብዮም እዩ፧' ዝብል ሓሳብ ኣብ ኣእምሮይ ክመላለስ ቀሳነት ከልኣኒ። ክረምታዊ ዕረፍቲ ምስ ተወድአ ኣደይ፡ "ግዜ ትምህርትኻ ኣኺሉ ኪድ ዝወደይ፡" ኢላትኒ። ኣነ ግን "ኣሕዋተይ ዘኽቲሞምሲ ክጠምዩ ኸኣ!" ብምባል ኣቕቢጸያ። ኪድ ኢላ ድማ ቀጺዓትኒ፣ ግና ኣይሰማዕኩዋን። ኣቦሓጎይ'ውን ከምኡ፡ "ኪድ ደኣ ተማሃር፣ ኣቦኻ እዚ ወደይ ሓደራ ኣምህሩዎ ብምባል ተላብዩና እዩ'ሞ፡ ኪድ ደኣ ተምሃር፡" ኢሉኒ። እተን ንኣደይ ዝበልክዎ ቃላት ደጊመ። በቃ! ብቑልዓይ ሓላፍነት ተሰኪመ፣ ጥሪት እናጓሰኹ፡ ጀርዲን እናልማዕኹን ኣብ ንግዲ እናነጠፍኩን፡ ኣብ ክንዲ ኣቦይ ኰይነ ንኣሕዋተይ ኣዕብየዮም፡ ኣመርዕየዮምን ኣብ ዝብጻሕ ኣብጺሐዮምን። ዘምለጠኒ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክመልስ ድማ፡ ደቀይ ኣምሂረ፡ በቲ ዝፈትዎ ዓውደ ፍልጠት፡ ሞያውያን ሕርሻ ከፍሪ ክኢለ ይርከብ።

*** ብሕርሻ ክትናበር ዝደረኸካ እንታይ'ዩ፧**

ኣቐዲመ ከም ዝገለጽክዎ ስድራይ ሓረስቶት ስለዝኾኑ፡ እቲ ዝንባለ ውርሻ ወለደይ እመስለኒ። ሕርሻ ዝዓበኹሉን ዘዕበየንን እዩ፣ ወላዲተይ ዝደገፍኩሉን ፍትዋት ኣሕዋተይ ዘዕበኹሉን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሕርሻ ፍሉይ ፍቕሪ ሓዲሩኒ፡ ኣብኡ ጸቒጠ ክቕጽል ወሲነ። ዓቕሚ ኣዳም ምስ ኣኸልኩ፡ ኣብ ርእሲ ክረምታዊ ሕርሻና ኣብ ጀርዲን ነዊሕ ዓመታት ነጢፈ። እዚ'ውን ናቱ ድርኺት ነይሩዎ እብል። ሕርሻ፡ ሓደ ካብ ተሓደስቲ ጸጋታት ተፈጥሮ ኰይኑ፡ ብባህርይኡ ተበላሒትካ ክትሰርሕ ዘፍቅድን ርሒብ ዕድል ዝኸፍትን ዕዮ'ውን'ዩ። እቲ ጽቡቕ ነገሩ፡ ጽዒርካ ሰብካን ጥሪትካን እትምገበሉን እትዓግበሉን ዓውዲ እዩ። ንጥፈት ሕርሻ ባህ እናበለካ ኢኻ እትሰርሖ፣ ምስ ባህርን ተፈጥሮን ተሳኒኻ ዝኽየድ ዕዮ እዩ ክብል'ውን እኽእል።

*** ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ብኸመይ ጀሚርካዮ፧**

ከም ዝበዝሑ ሓረስቶት ሃገርና፡ ብልምዳዊ ኣገባብ ኢና ጥሪት ነራብሕ ነይርና፣ ድሕሪኡ ግን ኂኒ ኂኒ ልምዳዊ ኣገባብ፡ ብሓውሲ ዕጹው ዝእለያ ናይ ጸባ ከብቲ ክንሕዝ ጀሚርና። ነዚ ዝምልከት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ብዝሒ፡ ኣብ ዓይነት ጥሪት ከነድህብ ከም ዘለና ምሂሮምና ብምንባሮም፡ ምሩጻት ዓሌት ከብቲ ማለት ብቐሊሉ ዝእለያን ኣዕጋቢ ምህርቲ ጸባ ዝህባናን ከብቲ ምሓዝ ጀሚርና። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ነቶም ኣብ ናይ ጸባ ከብቲ እንነጥፍ ሓረስቶት ኣለልዩ፡ ማሕበር ናይ ጸባ ከብቲ ከም እነቕውም ብምግባር፡ ብዝተወደበ ኣገባብ ኣስተምህሮን ስልጠናን እናሃበ ኣተባቢዑና። ብተወሳኺ፡ ዝተቓመመ መግቢ እንስሳ (ፍሩስካ) ወርሓዊ ብምሃብ ዝምስገን ደገፍ ገይሩልና።

ቀጺሉ'ውን፡ ኣብ 2009 ዓ.ም ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ 'ሓማርያ' (በዋድር) ዝዓይነተን ምሩጻት ናይ ጸባ ከብቲ ንኣርባሕቲ ዓዲሉ። ኣነ ሓደ ካብቶም ኣብቲ እዋን 'ሓመርያ' ናይ ጸባ ላም እተዓደሉ ሓረስቶት ነይረ። እተን እተዓደላ ከብቲ፡ ገሊአን ሓራሳት ምስ ምራኸን ገሊአን ከኣ መላኣት እየን ነይረን። ንዓይ መላእ ላም በጺሓትኒ፣ ኣንስተይቲ ድማ ወሊዳ። በዚ ኸኣ ብሓውሲ ዕጹው ዝእለያ ከብቲ ዝያዳ ኣድሂበሉ። ጽቡቕ ውጽኢት ከም ዝርከቦ ድማ ብግብሪ ከረጋግጽ ክኢለ።

*** ዓሌት ከብቲ ሓመርያ እንታይ ብልጫታት ረኺብካለን፧**

ሓመርያ ዘሎወን ብልጫታት፡ ተገዲስና ክንሕዘን ደሪኹና እዩ። ብወገነይ ቅቡላት ኰይነን ረኺበየን። ምኽንያቱ፡ እኹል መግቢ እንተ ረኺበን፡ ጽቡቕ ምህርቲ ጸባ ይሕለባ፣ ሕማም ይጻወራ፣ ተጻባእቲ ኣይኰናን፣ ጠባየን ጥዑም፡ ኣዝየን ምእዙዛት እየን። ብዙሕ ሕንቁቓት እውን ኣይኰናን። ዝሃብካየን መግቢ ዝቕበላ፡ ብዓቕሚ ሓረስታይ ክእለያ ዝኽእላ እየን። ዓሌት ከብቲ ኣብ ምቕያር'ውን ልዑል ግደ ኣሎወን።

ሓማርያ ምስ መበቆላውያን ይኹን ዘመናውያን ከብቲ ኣዳቒልካ ምሕዩሻት ናይ ጸባ ከብቲ ይኾና። ምስ ሓመርያ ኣዳቒልካ፡ እተፈላለያ ዓይነት ምሩጻት ናይ ስጋ ከብቲ ክትውንን ትኽእል፣ ኣብ ሕብሪ (መልክዕ) ኣካላተን (መዛርዕ/መሸከል) ብዙሕ ለውጢ ኣይርአን'ዩ። እንተኾነ ኣብ ምፍራይ፡ ምህርቲ ጸባ፡ ጠባይ፡ ተጻዋርነት፡ ሰሓቢ ቁመና ኣካላት፡ ምግብነትን ካልእን ዝምስገን ውጽኢታዊ ለውጢ ኣሎወን።

ብወገነይ ዝተዋህበትኒ ላም ብጽቡቕ ሒዘያን ሓማርያ ዝዓይነቱ ኣርሓ ተጠቒመ ኣፍርየያን ኣለኹ። ሓደ ዓይነት ዓሌት ላምን ኣርሓን ተጠቒመ፡ ምሩጻት ሓመርያ ኣባዚሐ። ከም ውዕለይ ድማ፡ በቲ ዝግባእ መስርሕ ኣርሒ ናብ ተጠቃሚ ሓረስታይ ኣብ እዋኑይ ኣረኪበ። እታ ሓንቲ ዝተዋህበትኒ ላም ሎሚ ንሳ፡ ደቃን ደቂ ደቃን ተፋርያ 20 (ዕስራ) በጺሓ ትርከብ። ብኽንክን'የ ዝሕዘን፣ ብግቡእ እንተተመጊበን ከኣ ልዑል ምህርቲ ጸባ እየን ዝህባ። ቀጠልያ መግቢ፡ ተረፍ ምህርቲ ዘራእቲ እናቐረብኩ ከምኡ'ውን ኣብ ገዛይ ዘይቲ ስምስም ጸሚቔ (ዓሲረ) ካብ ዝረኸቦ ዓሰራ መግቢ እንስሳ ተጠቒመ ይቕልበን። ዘተባብዕ ውጽኢት ከኣ እረክብ።

ልዕሊ 55 ዓመታት ካብ ሂወተይ፡ ምስ ጥሪት እዩ ሓሊፉ። ኣብ ደንበና ላም ማንታ ምራኹት ክትወልድ ኣየጋጠመንን፣ ዝተዋህበትና ሓመርያ ናይ ጸባ ላም ግና ማንታ ምራኹት ወሊዳ። እዚ ድማ መርኣያ ብሉጽነተን እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ምስ ካልኦት መበቆላውያን ከብቲ ብምድቓል፡ ንዝነበራኒ ከብቲ ቀስ ብቐስ ናብ ሓመርያ ቀዪረየን። ስለዚ፡ እዘን ዘራብሐን ዘለኹ ናይ ጸባ ከብቲ ጽሩያት ሓመርያን ድቓላ ሓመርያን እየን፣ ኣተኩሮ ሂበ ድማ ኣብዘን ዓሌት እሰርሕ ኣለኹ። ብመንጽር ኣድላይነተን፡ ዓቕምና ብዝፈቕዶ ብልሓት፡ ጥቡቕ ክንክንን ውሑሉል ምሕደራን እናተኸተልና ንሕዘን፣ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮና ኸኣ ይጠቕማና ኣለዋ።

*** ኣብ ልምዓት ዘራእቲኸ ከመይ ትነጥፍ፧**

ካብ ቁልዕነተይ ኣትሒዘ ሓረስታይ እየ። ክሳዕ'ዚ እዋን ድማ፡ ክረምታዊ ሕርሻ እሓርስ ኣለኹ። ገለ ካብቶም ዘፍርዮም ዘለኹ መሸላ፡ ብልቱግን ስምስምን ክጠቅስ እኽእል። ኣብ ገዛ መዐሰሪ ኣሎና፣ እነፍርዮ ስምስም ኣመስሪሕና ዘይቲ ስምስም ንሸይጥ፣ ካብ ሕርሻና እንረኽቦ ተረፍ ምህርትን ሓተላ ስምስምን ድማ ንመግቢ እንስሳ ንጥቀመሉ።

*** ምኽሪ ሞያውያን ሕርሻ ከመይ ትጥቀመሉ፧**

ሚኒስትሪ ሕርሻ ብመገዲ ክኢላታቱ እዋናዊ ምኽሪ ይህበና'ዩ፣ ማሕበር ብምምስራት፡ ደገፉት መግቢ እንስሳታት እናሃበ፡ እግሪ ኣትኪሉናን ኣበጊሱናን እዩ። ንጥዕናአን ዝምልከት፡ ኣብ ሕክምና ክሳብ መጥባሕቲ ብምክያድ ይከናኸንወን ኣለዉ። ካብ እንስሳ ናብ እንስሳ ከምኡ'ውን ካብ እንስሳ ሰብ ብዝመሓላለፉ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከይጥቀዓ ብዕቱብ'ዮም ዝከታተሉወን፣ ንሰራሕና ዝሕግዝ ቀጻሊ ምኽርን ሓበሬታን ከኣ ይህቡና። ከተማ ባረንቱ፡ ብርክት ዝበሉ ክኢላታት ሕርሻ ዞባን ንኡስ ዞባን ዝርከብሉ ስለዝኾኑ፡ ካብ ክልቲኦም ኢና ምኽርን ምክትታልን ንረክብ። ኩሎም ሞያውያን ምስጋና ይግብኦም፣ ብፍላይ ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ እንስሳ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዶክተር ተኽልዝጊ ተኪኤ፡ ተገዲሱ ሞያውያን ብምልኣኽን ብኣካል ኣብ ቦታ ስራሕና እናመጽአን ቀጻሊ ሞያዊ ሓበሬታ ከም እንረክብ ይገብር'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ ስለቲ ዕቱብ ተገዳስነቱ ምስ ኩሎም ብጾቱ ከመስግኖ እፈቱ።

የቐንየልና ኣቶ ሞገስ



## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

### ምድላው ቅጫ ብሓርጭ ባናና

**ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን**



- 1/2 ኪሎ ግራም ሓርጭ ባናና (ባናና ብጉዑ (ቀጠልያ ባናና)፡ ብረቒቕ ተመቲሩ፡ ብሻሽ ተሸፊኑ ኣብ ጸሓይ ይነቅጽ'ሞ፡ ተጣሒኑ/ተደቒሱ ብመልክዕ ሓርጭ ይዳሎ)
- 1/2 ኪሎ ግራም ሓርጭ ስርናይ/ ብልቱግ/ ስገም
- ጨው ከም ኣድላይነቱ
- 50 ሚሊ. ሊትር ዘይቲ
- ማይ ከም ኣድላይነቱ

**ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ**

ኩሎም ጥረ ነገራት (ሓርጭ ባናና፡ ሓርጭ ስርናይ/ብልቱግ/ስገም፡ ጨው፡ ዘይቲ፡ ማይ) ኣብ ዕሙቕ ዝበለ መትሓዚ ጌርና ብምትሕውዋስ ክሳዕ ዝፈኮስ ንለውሶ። ፍኹስ ምስ በለ፡ ኣብ ባዴላ/መቑሎ ወይ ኣብ ሞጎጎ ብምስንካት ድማ ቅጫ ወይ ሕምባሻ ይዳሎ።

ምንጪ፦ መወከሲ ጽሑፍ ወሰኽ ክብሪ ባናና ታሕሳስ-2021

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቕምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሽባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# በጨቕታ ስምዒት



ደዋሊ፥ ሃለው ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድዩ፧

ኣማኻሪ፥ መርሓባ፡ ጽቡቕ ኣለኻ። እዚ ብሃማመተኤ እናተዳለወ ዝቐርብ፡ ብቐጥታ ኣገልግሎት ኣብ መስመር ብተለፎን ዝወሃበሉ ክፍሊ’ዩ።

ደዋሊ፥ ብዙሕ ግዜ ዓምድኹም ስለ ዘንብባ፡ ንጉዳየይ ብውሑዱ ስሚዕኩም ገለ ፍታሕ ክትረኽቡለይ ተስፋ ገይረ’የ ደዊለ።

ኣማኻሪ፥ ኣጆኻ ዝከኣለና ኣማራጺታት ቀሪብና፡ ጆባእ ክንብል ቤት ጽሕፈትና ክፉት’ዩ።

ደዋሊ፥ እሞ ናብ ውራየይዶ ከብል፧

ኣማኻሪ፥ ፈለማ ስምካን ካበይ ትድውል ምህላውካንዶ ከተላልየና፧

ደዋሊ፥ ኣብ ጋዜጣ ከተውጽኡዎ ዲኹም፧

ኣማኻሪ፥ ሰባት ይምህር ዝብል ገምጋም ተልዩናን ሰናይ ፍቓድካ እንተ ተሓዊሱዎን ደኣ ከምቲ ንስኻ ኣንቢብካ ተጸሊኻ ዝደወልካዮ፡ ካልኦት ከኣ ዋላ እንተ ዘይደወሉ፡ ኣንቢቦም ገለ ቍምነገር ክረኽቡ ክንጽሕፎ ዘይከኣል ኣይኮነን።

ደዋሊ፥ በል እኹል ግዜ ስለ ዘይብለይ፡ ኣብ መንጎ ከይወዳእኩ፡ ርክበይ ከቋርጽ እኽል’የ። ነቲ መልሲ ግን ኣብ ጋዜጣ ክትውጽኦ ተስፋ እገብር። ስመይ ዘርኣይ እብሃል። ካብዚ ካብ ኣስመራ’የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ናብ ጉዳይካ በል ቀጽል፡ እሰምዓካ ኣለኹ።

ደዋሊ፥ ጸገመይ፡ ንነገራት ስምዒት ዝተሓወሶ ጌርካ ምርኣይን ኣብ ኣዘራርባይ ከኣ ተመሳሳሊ. መልሲ ምሃብን’ዩ።ብድሕሪ’ዚ ተሃዊኸ ንዝፈጸምክዎ ምስ ሃዳእኩ ዝጠዓሶ ክነግረካ ኣይክእልን’የ። ምኽንያቱ፡ ገሊኡ ዝፍጽሞ ጉዳያት ኣብ ህዱእ እዋን ኮይነ ምስ ሓሰብኩሉ ብቐሊሉ ክእለ ዝነበሮ ምዃኑ ይርደኣኒ።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ምንታይ ኢኻ እትሰርሕ፧

ደዋሊ፥ ኩነታት ስረሐይ ደኣ ኣብ ሓደ መንግስታዊ ትካል ኮይኑ፡ ብደረጃ ሓላፍነት ዝሕተተሉ ስራሕ እውን ኣሎኒ።

ኣማኻሪ፥ እሞ ብኸመይ ደኣ ተሳኒኻ ተመሓድሮ፡ ከምዚ ትብሎ ዘለኻ ስምዒት እና’ንጸባረቕካ፧

ደዋሊ፥ መቸም ቁሩብ’ኳ ካብቲ ኣብ ማሕበራዊ ህይወተይ ዝገብሮ ፍልይ ዝብል እንተኾነ፡ ግን በዚ ዝበልኩኻ ቅሳነት ዘይብሉ ናብራይ፡ ሕጉስ ዘይምኳነይ’ዩ ቀንዲ መደወልየይ። ብዙሕ እዋን ከኣ ብሰንኩ፡ ምስ ሰባት ዘሎኒ ዝምድናታት ክሕሽክር ይርእ።

ኣማኻሪ፥ ደቂ ሰባት ስምዒት ኣብ ምቁጽጻር ንፈላለ ኢና። ይኹን እምበር ምስ ሰባት ከረዳድኣና ዝኽእል ውህብቶ ኣሎና። ስለዚ፡ ነዚ ውህብቶ ብኸመይ ኣመሓዲርና ምስ ሰባት ተረዳዲእና ንኸይድ እዩ’ቲ ወሳኒ ነገር። ብስምዒት ሕርቃንና ከይተቐጻጸርና እንሰንድዎ ቃል፡ ኣሕ ብምባልን ተጣዒስካን ክትመልሶ ዝክኣል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ልዝብ ምባልን ምስ ሰብ ዘረዳድእ ልቦና ዝመልኦ ቃላት ኣብ ምምራጽን ክንለማመድ ይከኣል’ዩ። ዘ’ኽፍኣልናን ከጣዕሰናን ዝኽእል፡ ሰብኣውነትና ካብ ዘውርድን ተግባራት ምቑጣብ ክንመሃርን ግዴታ ኣሎና።

ደዋሊ፥ እዚ ትብሎ ዘለኻ፡ በይነይ ምስ ነብሰይ ኣብ ዝላዘበሉ እዝክሮ እየ። ነቶም ሓሪቐ ዝመለስኩሎም ሰባት ተሪር መልሰይ ምስ ሰንደኹ ዝርደኣኒ እንደሞ ኮይኑ። ታህዋኽይ ዝፈጥረለይ ምጉዳል ርእሰ ክብረይን ከምቲ ዝጠቐስካዮ ምትንካፍ ሰብኣውነተይን ዘየተሓሳስበኒ መኣስ ኮይኑ። ግን ‘ድሕሪ ማይ ኣብ በዓቲ’ ድዩም ዝብሉ፡ ንዓይ’ውን ኮምኡ እዩ ዘጋጥመኒ።

ኣማኻሪ፥ እሞ ጸገምካ ካበለለኻ ደኣ ይተርፈኒ እዩ እትብሎ እንታይ’ዩ፧

ደዋሊ፥ ምናልባት ተግባር ወይ ተበግሶ ኢለ’የ ዝሓስብ።

ኣማኻሪ፥ ንዝተፈጸመ ጌጋ ደኣ ብኸመይ ተመሓድሮ፧

ደዋሊ፥ ስሕት ኢለ ይቕሬታ እሓትት’የ። ንገለ ምስ ኣቑሰልኩ ደኣ ኮይኑ እምበር።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ውሳነ ዘይብሱል ስምዒት ወይ ታህዋኽ፡ ኣማራጺታትካ ካብ ዘይምስትብሃልን ሃዲእካ ካብ ዘይምሕሳብን ዝውሰድ ህውኽ ሓሳብ’ዩ። ስለዚ ንስኻ ክትርእዮም ካብ ዘለዉኻ፡ ከቢቦምኻ ካብ ዘርከቡ ዕድላት፡ከተስተውዕለሎምን መኣዝናቶም ከተጽንዕን ንተግባራውነቶም ከኣ ሎሚ ስጉሚ ክትጅምርን እዩ። ርእሲ ኹሎም እዞም ዝጠቐስናዮም ክፍለጥን ክስትውዓለሉን ዝግበኦ ግና ንስምዒት ገዛእ ርእስኻ ምቁጽጻር እዩ።

ሓደ ነገር ተሃዊኽካ ምስ ፈጸምካዮ፡ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ሰባት እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ዘይሃስስ ስምብራት ብምዃን፡ ናብ ጽልኣቶም ክወስደካ ይኽእል’ዩ። ልዕሊ ተግባራት ብልሳን ዝፍጸሙ ዘይእሩማት ቃላትን ጸርፍታትን ኣብ ተቐባሊ ኣካል፡ ዘይተደልየ ስምዒት ፈጢሮም፡ ምሳና ኣብ ቅርሕንቲ ከም ክነብሩ ክግበሮም ይኽእል’ዩ።

ኣብ ርእሲኡ ክፍለጥ ዘሎዎ ከኣ ድሕሪ ጌጋ ብኸመይ ናብ ንቡር ትምለስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኸመይ ንዝተጋገኽዎ ዘረባ ኮነ ተግባር ኣሚኑ፡ ተማሂረ ተመሓይሸ እኸይድ ዝብል ኒሕ ከተስርጽ እዩ።

ደዋሊ፥ በል ኣብ ጋዜጣ ክጸሓፍ ይከኣል እዩ ካብ በልካ፡ ሕጂ ኣነ ካብ መስመር ክወጽእ ስልከይ ትነግረኒ ኣላ።ከምዚ ኣጋጢሙኒ ዘሎ ኣብ ካልኦት ከም ዘሎ እውን እፅዘብ እየ። ስለዚ ኣብ ስምዒታዊ ብስለት ክሕግዝ ዝኽእል ሓሳባት ዓምድኻ ክሳብ ዝጸረቶ ከይበበኞቕካ ከተውጽኦን ኣነ ከኣ ተኸታቲለ ምስ ሰበይ ክንብቦን ምኳነይ ኣረጋግጸልካ።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ንዘልዓልካዮ ብድሆ ዓቕኑ እዩ ዝፈላለ እምበር ኣብ ብዙሓት ስለ ዘጋጥም ንስኻ ብዘበገስካዮ ተጠቀምቱ ብዙሓት ስለዝኾኑ ንተገዳስነትካ ነመስግነካ።

ንዘሎካ ሕሉፍ ናይ ተሞክሮ ብልጫ ዳህሲስካ፡ ብታህዋኽ ንዝተገብሩ ውሳነታትካ ዳግማይ ርኢኻ ዝሓይሽ ኩነታት ምንዳይ ዝበለጸ ተበግሶ እዩ። ንዘጋጥሙና ንጠባይና ዝፈታተኑን ሕርቃንና ዘየቀጻጽሩን ነገራት፡ ብኸመይ ክግጠሙ ከም ዘሎዎም መዓልታዊ ውዕሎ እነስፍረሉ መዝገብ ክንሕዝን ይከኣል እዩ። ኣፈታትሓ ግርጭት፡ ሜላታት ኢሂን ምሂን ምባልን ዓቕሊ ተጻዋርነት ከነጥርን ንነብስና ክነለማምድ ኣሎና። ብተወሳኺ መኣስ፡ ኣበየናይ ኩነታት’የ ነቲ ባህርያት እነንጸባርቖ ብንጹር ክንፈልጥ ከድልየና እዩ።

ንኹነተ ኣተሓሳስባና ከነለሊን ብዝተኻእለ መጠን ናብ ህዉኽ ስጉሚ ካብ ዝመርሑና፡ ኣቓዲምና ካብ ዝመዝገብናዮም መዘክራት ክንውከስ ይግባእ።

ኣብ ሃነጽቲ ርክባት ብምትኳር፡ ምስ ሰባት ኣብ ንግብሮ ዝርርብ፡ ዘይምእምኡና ቃላት ክዛረቡ ምኽኣሎም ሰብኣውነት ገዛእ ርእሶም ብምዃኑ፡ ብእኡ ምሕራቕ ተምረጸኢ. ኣይኮነን። መልሲ ኣብ እንህበሉ እዋን ኣብ ንጹራት ጉዳያት ከነተኩርን፡ ፍርዲ ኣብ ምሃብ ወይ ንምንቃፍ ከይተጓየና፡ ፈለማ ብዘዋህለልናዮ ሓሳባት ክንሰማማዕ የድሊ።ነዚ ኩሉ ንምትግባር እምበኣር፡ ስምዒት ኣብ ምቁጽጽር መታን ክትሰርሕ፡ ኣብ ስምዒታዊ ብስለት ሓገዝቲ ዝብሃሉ ኣምራት ከነልዕል ኢና።

ስምዒትታትካ ምስትብሃል፥ መሰረታዊ ክእለት፡ ኣብ ምንጽብራቕ ስምዒት እተርእዮ ግብረ መልስን ብስለትን የመልክት። ክእለት ኣብ ምልላይን ምንባብን ስምዒታት፥ ገጽ፡ ኣሳእል፡ ድምጽን ነዚ ከተስተብሃል ምልከት ስምዒት ገዛእ ርእስኻ ክህልወካ ይግባእ።

ስምዒትካ ምጥቃም፥ ክእለት ጥምረት ናይ ኵሉ ስምዒት ንምስላጥ፡ እተፈላለዩ ኣእምሮኣዊ ንጥፈታት፡ ከም ሓሳባት ምስልሳል፡ ምፍታሕ ብድሆታትን ምውጋድ ግርጭታትን የካትቱ። ስምዒታዊ ብስለት ዘሎዎ ሰብ ስምዒቱ ተዓጻጺፉ ዘመሓድር፡ ስምዒት ካልኦት ዘንብብ፡ ንዘይወነኖ ብቕዓት ከመሓይሽ ጻዕሪ ዘካይድን እዩ። ቅኑዕ ገምጋም ኣብ መንጎ ዘጓንፉዎ ንዝፈታተንዎ ሓሳባት፡ ብዓቕሊ ዘሰግርን’ውን እዩ።

ስምዒታትካ ምርዳእ፥ ክእለት ኣጠቓቕማ ስምዒትና ምምዕባል ኮይኑ፡ ክእለት ምግንዛብ ቋንቋ ስምዒት፡ ምንጻር ተኣፈፍቲ ስምዒታት፡ ምስ ገጢሙካ ዝርከብ ኩነታት ምውህሃድን የጠቓልል።

ምሕደራ ስምዒታት፥ ክእለት ምውሓጥ ስምዒታት የጠቓልል። ብሱል ስምዒት ዘውንን ሰብ፡ ስምዒታት ይጠምርን ከከም ኣመጻጽኣኦም ዘመሓድርን ቀዳምነታት ንኣገደስቲ ዕላማታትን ከስተውዕልን የገድድ።

ርእሰ ኣፍልጦኻ ምዕባይ፥ ፈለማ ንገዛእ ስምዒታትካ ምልላይ፡ ውጽኢት ፍርያትካ ብምምማይ፡ ትብዓት ውሳነኻ ከተለሊ ሓጋዚ እዩ። ነዚ ንምትግባር ግን ኣብ ርእሰ ምሕደራኻ ከተተኩር፡ ድርኺት ኣብ ምቕያር ኩነታት ተጻዋርነት ከተማዕብልን ይግባእ። ኣብ ማሕበራዊ ኣፍልጦ ዝተሰረተ ማሕበራዊ መርበባት ብምሕያል፡ ምሉእ ሓበሬታ ኣብ ነገራት ምህላው የረጋግጽ። ዝበዝሐ እዋን ሓሪቕካ ወይ ተሃዊኽካ እትምልሶም ቃላት፡ ኣቐዲምካ ዝኣክል ሓበሬታ ካብ ዘይምውህላል ዘጋጥም ተርእዮ ምዃኑ እዮም ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ ዝምኽሩ። ዝኣክል ኣፍልጦ ሃልዩካ ንዘጋጥሙ ኣበሃህላታት ኮነ ንኣኻ ዘይሰማማዕ ኮይኖም ዝረኣዩኻ ተግባራት፡ ገለ ኣንፈት ሒዝካ ምጽናሕ፡ ብስምዒት ካብ ምምላስ ከገላግሉኻ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ፡ ምሕደራ ዝምድናታት ኣብ መንጎ ነገራት ምልላይ፡ ኣብ ትጽቢትካ ዘይነበረ ግርጭታት ኣብ እተማሓድረሉ እዋን፡ ንቕሓት ክፈጥሩልካ ይኽእሉ እዮም።

ስምዒታዊ ብስለት ኣብ ሓደ እዋን ዝምለኽ ተግባር ኣይኮነን። ኣብ መዓልታዊ ናብራ እናተለማመድካ ማሕበራዊ ኣፍልጦኻ እተስፋሓሉ መስርሕ ብስለት እዩ። ንዘለካ ዘይቅቡል ባህርያት ፈለማ ንስኻ ክትኣምነሉን፡ ቀጺልካ ምስ ነብስኻ ተላዚብካ፡ ርእሰ ገምጋም ብምክያድ፡ ንብልጫኻን ድኽመታትካን ከተለሊ ይግባእ። ብዘጋጥሙ ኩነታት ምውዝዋዝ ዘይኮነ ብርግኣት ውሽጥኻ ዝበለካ ሰሚዕካ ከተተግብር፡ ብውጽኢት ገምጋምካ ተመሪሕካ፡ ካብ ህልው ባህርያትካ ክትገላገል፡ ብቑጻሊ ግብራዊ ተበግሶ ክትወስድ ይግባእ። ኣብ መስርሕ ለውጢ ምውዳቕን ምትንሳእን ከም ዘሎ ከም ንቡር ወሲድካ ድማ ክሳብ ዕላማኻ ትበጽሕ ብቐጻሊ ምቕላስ።

ምስ ሰባት ጽቡቕ ዝኾነ ምርድዳእ ዘለካ ሰብ ክትከውን፣ ዘረባ ሰብ ተቐበሎ ኣይትቀበሎ ጽን ኢልካ ስማዕ። ኣብ መንጎ ከይኣቶኻ ሓሳባቶም ክሳብ ዘውድኡ ምጽባይ። ንሰባት ሓቲትካ ብቀጥታ ግብረመልሲ ንእትጽበየሉ ነገር፡ የማነ ጸጋም ምጥማት ዓቕሊ ከም ዘይብልካ ስለ ዘስምየካ፡ ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ዓቃላት ሰባት ዝገብርዎ ምዕዛብ’ውን ካልእ ኣማራጺ እዩ። ብስምዒት ተመሪሕካ ድሕሪ ዝተፈጸመ ጌጋ፡ ከይዝሓለ ንምፍዋሱ ይቕሬታ ምሕታት የድሊ።ይቕረታ ምሕታት ከኣ መግለጺ ብሉጽ ባህሪ ምዃኑ፣ ብቐጻሊ ንነብስኻ ምዝኽኻር።ብ

ስለዚ፡ ክቡራት ኣንበብቲ’ዛ ዓምዲ፡ ብሓደ ግዱስ ንዝተደወለልና ኣብ ስምዒታዊ ብስለት ኣተኩርና ዘዳለናዮ ዓንቀጽ ብሕጽር ዝበለ ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ንኹሉኹም ተኸታተልቲ ብዝደለኽምዎም መልክዕ ክጸሓፈልኩም ወይ ምኽሪ ንእትደልዩሉ እተልዕልዎም ጉዳያት፡ ካብ ደዋልቲ ሓሊፎም፡ ንኻልኦት ከይተረፈ ከም ዝድልዩ ተረዲእና፡ ኣብ ላዕሊ ብእትጸሓፍ ቁጽሪ ስልክና ክትድውሉ ንላቦ።

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

**Eritrea-China Exploration and Mining Share Company**
Ararib Street, House No. 37 Kebabi maekel ketema, ; Tel. +291-1-200009; Asmara, Eritrea.

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-China Exploration and Mining Share Company (ECEM) invites qualified applicants for the following posts:

**1, Position:** Electrical Foreman

Place of Work: Augaro
Starting Date: September
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

| | |
|---|---|
| **Position Overview** | • Augaro Gold Mine Project is looking for an experienced Electrical Foreman to oversee the maintenance of all electrical systems and equipment at the mine site. The successful candidate will be responsible for ensuring the reliability, safety and efficiency of the mine's power supply and electrical installations. |
| **Key Responsibilities** | • Supervise the maintenance, repair and servicing of all electrical equipment and power distribution systems.<br>• Develop and implement preventive maintenance programs for electrical equipment.<br>• Diagnose and troubleshoot electrical faults and ensure prompt restoration of equipment.<br>• Maintain maintenance records and electrical equipment documentation.<br>• Supervise and train local electricians.<br>• Ensure the safe operation of diesel generators, motors, switchboards, distribution panels and electrical control systems.<br>• Ensure compliance with company HSE policies, electrical standards and safe work procedures.<br>• Recommend technical improvements to improve equipment reliability and reduce downtime.<br>• Perform other duties assigned by management. |
| **Qualifications** | • Diploma or Bachelor's degree in Electrical Engineering, Electrical Automation or a related discipline.<br>• Minimum 8 years of electrical maintenance experience in mining, construction or heavy industrial operations, including at least 3 years in a supervisory position.<br>• Extensive experience maintaining and troubleshooting Chinese-manufactured electrical equipment, including diesel generator sets, low-voltage distribution systems, motors, variable frequency drives (VFDs), electrical control panels and industrial electrical systems.<br>• Strong electrical fault diagnosis and troubleshooting skills.<br>• Good knowledge of preventive maintenance systems.<br>• Ability to work independently in a remote mining environment.<br>• Good leadership and team management skills.<br>• Basic English communication skills are preferred.<br>• Physically fit and willing to reside at the mine site on a long-term basis. |
| **Personal Attributes** | • Strong sense of responsibility, integrity and coordination.<br>• Excellent organizational and problem-solving abilities.<br>• Ability to work under pressure and mining environments.<br>• Good teamwork and communication skills. |

CONTINUED TO PAGE 7



### ምስጋና

ኩሉኹም ኣብ ሕማም ክሳብ ማስዋእቲ ክቡር ኣቦና ተጋዳላይ ኣድሓኖም ገብረኣብ ኪዳ (ኮማንዳስ)፡ ብጸሎት፡ ብጉልበትን ብኻልእ መንገድን ብዘይምስልካይ ኣብ ጎንና ደው ዝበልኩምን፡ ኣብ ሓዘን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ ዒስበኹም ካብ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ እናበልና ሓዘና ከምዝዋጸና ብኣኽብሮት ንሕብር።

ደቁ፡ ሰናይት፡ ኪዳ ፡ ማሕታ፡ ሩታ ምስ ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንፍቅራ ጓልናን ኣዴናን ወ/ሮ ሰላም ተስፋሚካኤል ባርያሚካኤል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩሙ፡ ምስ ዓረፈት ክሳብ ኩዶ ፈላሲ ብምፍኻድ ዚቃበርኩምናን ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ደዊልኩምን ዘጸናናዕኩምናን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ኣዲኣ ወ/ሮ ዛይድ ተስፋየውሃንስ ምስ ጓላን ምሉኣት ስድራቤትን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 6

**2, Position:** Mechanical Foreman

Place of Work: Augaro
Starting Date: September
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

| | |
|---|---|
| **Position Overview** | Augaro Gold Mine Project is seeking a qualified and experienced Mechanical Foreman to lead the maintenance of all mechanical equipment at the mine site. The successful candidate will be responsible for ensuring the safe, reliable and efficient operation of mining and auxiliary equipment through preventive maintenance, timely repairs and effective team supervision. |
| **Key Responsibilities** | • Lead the maintenance, repair and servicing of all mechanical equipment at the mine site.<br>• Develop and implement preventive maintenance programs to maximize equipment availability and reliability.<br>• Diagnose mechanical faults and organize timely corrective repairs.<br>• Maintain equipment maintenance records and service histories.<br>• Supervise and train local maintenance personnel.<br>• Manage spare parts, maintenance tools and workshop resources efficiently.<br>• Ensure all maintenance activities comply with company HSE policies and safe work procedures.<br>• Recommend technical improvements to enhance equipment performance and reduce downtime.<br>• Perform other duties assigned by management. |
| **Qualifications** | • Diploma or Bachelor's degree in Mechanical Engineering, Heavy Equipment Maintenance or a related discipline.<br>• Minimum 8 years of maintenance experience in mining, construction or heavy industrial operations, including at least 3 years in a supervisory position.<br>• Demonstrated expertise in the structure, operating principles, maintenance and repair of Chinese-manufactured construction machinery and mining equipment, including excavators, wheel loaders, haul trucks, pickup trucks, diesel generator sets, air compressors, water pumps, drilling rigs and other related equipment.<br>• Strong troubleshooting and fault diagnosis skills.<br>• Good understanding of preventive maintenance systems and equipment management.<br>• Ability to work independently in a remote mining environment.<br>• Good leadership, communication and organizational skills.<br>• Basic English communication skills are preferred.<br>• Physically fit and willing to reside at the mine site on a long-term basis. |
| **Personal Attributes** | • Strong sense of responsibility, integrity and coordination.<br>• Excellent organizational and problem-solving abilities.<br>• Ability to work under pressure and mining environments.<br>• Good teamwork and communication skills. |

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service Obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, experience credentials, copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  Mineral Resources Management
  P.O.Box- 272
- **Note to non-Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to Aliens Employment permit Affairs P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ጽውጽዋይ

## ዘይንስኻ ምምሳል



ሓደ መዓልቲ፡ ሓደ ኣድጊ፡ በቲ ክፉእን ንዑቕን ዝኾነ ንብረቱ፡ ክጉህን ከስቁርቍርን ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ትካዜኡ ንርእሱ ከጸናንዕ ጀመረ። ከምዚ ኢሉ ድማ ተጸናንዐ።

“እወ! እቲ ክሳዕ ሎሚ ዝነበረ ንብረተይ ኣዝዩ ዘሰክሕን ዘፈንፍንን እዩ። ግናኸ በዚ ተስፋ ክቖርጽ ኣይግብኣንን፣ ከምቶም ካልኦት ክቡራት እንስሳታት ንምኳን፡ ኣብቲ ንሳቶም በጺሖምዎ ዘለዉ ደረጃ ድማ ንምድያብ፡ ኵሉ ሳዕ ግዜ ኣሎ። እቲ ምቹእ ግዜ ከም ዘይሓለፈኒ ኸኣ ርግጽ ነገር እዩ።”

ካልእ ዘሐጉስ ነገር እናሓሰበ ኸኣ ኣብ ቤት ጐይታኡ ኣትዩ፡ ጽቡቕን ነዊሕን ዝኾነ ካባ (ባርኖስ) መኳንንቲ መሪጹ ወሰደ።

ካብ ኣፍንጫኡ ክሳዕ ጭራኡ ተጐምጒሙዎ ድማ፡ ኣብቲ ብዙሓት ከብትን መጽዓኛን ዝጓሰያሉ ኣብ ሓደ ጽቡቕ ሸኻ እናጕባዕበዐን እናተሓበነን በጽሐ።



እቶም ኣብኡ ዝጓሰዩ ዝነበሩ እንስሳታት ኵሎም ብዙሕ ተደነቑ። “በይኑ ዝዓይነቱ ግሩምን ስልጡንን ዝኹነ ዘመድ እምበር ረኺብና፡” እናበሉ ድማ ክኸብዎን ክዕጅብዎን ጀመሩ።

ወዮ ክቡርን ስልጡንን ጋሻ፡ ኣብ ሻብዓይ ሰማይ ዝደየበ ኮይኑ ተሰምዖ። ግናኸ ካብ እምብዛ ሓጐስ እተላዕለ፡ ክሳዱ ክብ ኣቢሉ፡ ናብ የማን ናብ ጸጋም፡ ናብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ፡ ቀሊሕ ምሊሕ እናበለ፡ ነቶም ተኸቲልቱ ከሸብርዎም ክብል፡ ወዮ ወንዛፊቱ ሰተት ኢልዎ፡ ኣእዛኑን ወተጉን ብሓንሳብ ቅልቅል በለ።

ሽዑ፡ ወዮም ዝኸተሉዎን ዝንእድዎን ዝነበሩ ኵሎም እንስሳታት፡ ኣድጊ ከም ዝኾነ ኣለለዩዎ’ሞ፡ ኵሎም ሓቢሮም፡ በብድሃዮም ብሓንሳብ ክንቅዉ ጀመሩ።

ሓቢሮም ድማ በብዝከኣሎም ክነድሕዎን ክነኽስዎን ጀመሩ። እናሰጐጉ ኸኣ ኣርሒቖም ኣባረርዎ።

ብኽዳንን ብኣካይዳን በቲ ዝርአ ግዳማዊ መልክዕን፡ ኣእምሮን ጭውነትን ዝርከብ ዝመስሎም ብዙሓት ሰባት ኣለዉ። ግናኸ፡ እቲ ኣድጊ ጽቡቕ ስልማትን ግሩም ዝኾነ ልብስን ለቢሱ’ኳ ንቍሩብ ግዜ ከቢሩ እንተ ተራእየ፡ ብውሽጡስ ጽሩይ ኣድጊ ምዃኑ ከም ዘይተርፎ ንርኢ ኣሎና።

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ካብዚ ጽውጽዋይ እንመሃሮ ንገዛእ ነብስና ምምሳል እዩ። እምበር ኣካይዳን ኣከዳድናን ቀይርኩም ካልእ ሰብ ክትመስሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ስለዚ፡ ነቲ ክትኮኑዎ እትደልዩ ብተግባርን ብኣተሓሳስባን ኩንዎ።

**ምንጪ፡**

**መጽሓፍ ኣርበዓን ኣርባዕተን ዛንታታት**

**ስእሊ፡ ሃዙ**

## ፍቱዋት ተመሃሮ 10 ፍልልያት ርኸቡ





## ብምሉእ ልብኹም

እታ ኣሞይ ቅጭን
ሕሉፍ ፍቕሪ እትውንን፡

እንታይ ገይራዶ ክጸውየኩም
ገለ ትምህርቲ እንተ ኾነኩም፡

እቲ ወዲ ዓመት ሓወይ
ገና ዘየጽፈፈ ንፋጥ ይኹን ልዛይ፡

ንፋጥ ሰዓሮ ከም ኣመሉ
ኣሞይ ብመልሓሳ ሓበሰትሉ፡

ተጸይነ እናረኣኽዋ
ነቲ ንፋጥ ውሕጥ ኣበለቶ ተበሪህዋ

ኣነ ገሪሙኒ ‘ኣሞይ’ ኢለ ገናሕክዋ፡
ኣሞይ’ሞ መኣሰ ገዲሰዋ

‘እዚ ጠስሚ’ዩ ንዘፍቅሮ
ጣዕሚ ኣለዎ ንዘስተማቕሮ’
መለሰት ከም ዝኾለሰት ጥዕምቲ ሽሮ፡

ኣሞይ ኣብ ቈልዓ ዘሎዋ ፍቕሪ
ከተርኢ ከም ዘይብሉ መዐየሪ፡

ንሽዓትኩምከ ከም ኣሞይ ዲኹም፤
ወይስ ትጽይኑ ዘይጽፉፍ ቈልዓ እንተ ርኢኹም

ዝክር ከኣ ኣብሉ ቈልዓ ከም ዝነበርኩም
ንቈልዑ ኣፍቅሩና ብምሉእ ልብኹም!!

**ምስጋና ኪሮስ**

## መልሲ

## ብልሕኹም ፈትሹ

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 9 | ÷ | 3 | x | 2 | = | 6 |
| + | | - | | x | | + |
| 6 | + | 1 | - | 4 | = | 3 |
| ÷ | | + | | - | | ÷ |
| 3 | x | 3 | - | 6 | = | 3 |
| = | | = | | = | | = |
| 5 | ÷ | 5 | + | 2 | = | 3 |

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ስእሊ- ሚኪኤል የማነ
(ህ/ር/ማ/ጽሙማን)

# “ዝተዋህበና ሽልማት፡ ዝያዳ ክንተግህ ደሪኹና ኣሎ” ተሸለምቲ ተማሃሮ

ኣብዮተ ትምህርቲ ሃገርና፡ ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ ኑዩም ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽኡ ተማሃሮኣን ከተባብዓ ይረኣያ ኣለዋ። እዚ፡ ኣብ መንነ ተማሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ፈጢሩ ሞራል ዘበራብር ስለ ዝኾነ፡ ጽልዋኡ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብዮተ ትምህርቲ


መም/ እዮብ መሓሪ

2ይ ደረጃ ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ቀይሕ ባሕርን ሰምበልን፡ ብቑጻም 5 መስከረም 2026፡ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2025/26 ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 2ይ ደረጃ


ተማ/ ኣማኑኤል ተስፋሚካኤል

(ማትሪክ) ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ መበል 38 ዙርያ ተማሃሮኣን ሽልማት ብምሃብ ኣተባቢዐን።

እቲ ናይ ሰለስተ ኣብዮተ ትምህርቲ ስነ-ስርዓት ምዕዳል ሽልማት፡ ብደረጃ ሚ/ት/ን/ዞ/ ደብባዊ ምዕራብ ብሓላፊ


ተማሃሪት ፌሩዝ ኣልኣሚን

ኣብ ሲሃማ ሮማ ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ዳይረክተራት ሰለስቲኣን ኣብዮተ ትምህርቲ ድማ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ምዕዳል ሽልማት መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓመት መጺኡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 2ይ ደረጃ (ማትሪክ) ብሉጽ ነጥቢ ንዘምጽኡ ተማሃሮ ዝገበር ናይ ምትብባዕ መደብ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብምንጽጻር፡ ነቲ ዝተረኽበ ዕብየት ቤት ትምህርቶም ዝገልጽ ዝርዝር ሓበሬታ ኣቕሪቦም። ዕወታት ተማሃሮ ድማ፡ ነቲ ኣጋጣሚ ብዘንጸባርቕ ተማሃሮ ዝቐረበ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት እናተሰነዩ ዝተዳለወሎም ሽልማት ካብ ኣደ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ኣመሓዳርቲ ንኡሳን ዞባታትን ኮሚቴ ወለድን ተቐቢሎም።

ፈለማ ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ መም/ እዮብ መሓሪ'ዩ ቃል ኣስሚዑ። መም/ እዮብ፡ ኑዩም ለይትን ቀትርን ካብ መጽናዕቶምን ጸዕሮምን ከየብዘኹ ኣብ ዕላማኦም ጸኒዖም ነዚ ዓወት ዝበቕዑ ሃብሮም ተማሃሮ፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ወለዲ ተሸለምትን የሃና ድሕሪ ምባል፡ ሎሚ ዓመት፡ 98 ተማሃሮ ካብ ሰለስተ ክሳብ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ብምምጻእ ንሽልማት ከም ዝበቕዑ፣ ካብዚኣቶም እቶም 28 ምሉእ ነጥቢ (4.0) ዘምጽኡ ምዃኖም ሓቢሩ። መም/ እዮብ ኣስዒቡ፡ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ፍረ ዘይሕለል ጻዕሮም፡ ጻዕሪ ወለዶም፡ መማህራኖምን ማዕረ ዕድል ዝፈጠረሎም መንግስትን ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ ዝቕጽል ትምህርቶም ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላቢዩ።

ብሉጻት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ ሽልማቶም ምስ ተዓደሉ፡ ዳይረክተር 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ መም/ ኮኾብ ገብረሚካኤል'ዩ፡ ሓጺር ጸብጻብ ተሸለምቲ ኣቕሪቡ። መም/ ኮኾብ፡ ንተሸለምቲ ተማሃሮን ወለድን እንቋዕ ኣሓጎሰኩም ድሕሪ ምባል፡ ሎሚ ዓመት 63 ተማሃሮኦም ካብ ሰለስተ ክሳብ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ብምምጻእ ንሽልማት ከም ዝበቕዑ ጠቒሱ፡ ካብኣቶም እቶም 11 ምሉእ ነጥቢ ዘምጽኡ ምዃኖም ሓቢሩ። እዚ ዓወት፡ ሳላ ሓያል ጻዕርን ወህደትን ተማሃሮ፡ ወለድን መማህራንን ዝተረኽበ ዓወት ምዃኑ ዝገለጸ መም/ ኮኾብ፡ መንግስቲ ብሓፈሻ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ቤት ትምህርትን ድማ ብፍላይ፡ ዕብየትን ዓይነታዊ ለውጢ ኣብ ትምህርትን ንምምጻእ፡ ልዑል ጻዕሪ የካይዱ ከም ዘለዉ ኣረዲኡ። ዕወታት ተማሃሮ ዓውዮም ዓቂቦም ንዝያዳ ጻዕሪ ድሉዋት ክኾኑ'ውን ተላቢዩ።

ድሕሪ ምዕዳል ሽልማት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ዳይረክተር 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሰምበል፡ መም/ ሰመረ ሱልጣን'ዩ ኑዩም ናብዚ ዓወት ዘበጽሑ ወለዲ እንቋዕ ኣሓጎሰኩም ድሕሪ ምባል፡ ሎሚ ዓመት፡ 45 ተማሃሮ ካብ ሰለስተ ክሳብ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ብምምጻእ ንሽልማት ከም ዝበቕዑ፣ ካብዚኣቶም እቶም 12 ምሉእ ነጥቢ (4.0) ዘምጽኡ ምዃኖም ሓቢሩ። ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብምንጽጻር፡ ነቲ ዝተረኽበ ዕብየት ቤት ትምህርቲ ዝገልጽ ዝርዝር ሓበሬታ ድማ ኣቕሪቡ። መም/ ሰመረ፡ ተሸለምቲ ተማሃሮ፡ ነዚ ሓያል ጻዕርን ተወፋይነትን ዝሓትት ዕረፍቲ ዘይህብ ትምህርቲ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይካኣሎ ተኸታቲሎም ብዓወት ናብ ኮሌጅ ምጽንባርም ሓጎሱ ገሊጹ። ተማሃራይ ክዕወት ብዙሕ ረቛሒታት'ኳ እንተሃለዉ፡ እቶም ቀንዲ ግና ብሰለሰ ኩርናዕ ዝግለጽ ርክብ መማህራን፡ ወለድን ተማሃራይን ምዃኑ ዝሓበረ መም/ ሰመረ፡ ቀጽሪ ናይ ዝሓለፉ ተማሃሮ ንኽብርኹ ርክብ ቤት ትምህርትን ወለድን ክሕይል ተላቢዩ። ተሸለምቲ ኣብ ዝቕጽል ናይ ኮሌጅ ትምህርቶም ዕወታት ኮይኖም ንኽወጽኡ፡ ብመደብ ብምትዓዝ ብፕሮግራም ክጽንዑ፣ ምኽሪ መማህራን ክሰምዑን ብሕጊ ኮሌጅ ተማእዚዞም ክምሃሩን፣ ኣብ ማሕበራዊ


መም/ ኮኾብ ገብረሚካኤል

መራኸቢታትን ካልእን ዝዝርጋሕ ዘይጠቅም ትሕዝቶታት ካብ ምጥቃም ክቖጠቡን ከኣ ኣተሓሳሰበ።

ድሕሪ ምዕዳል ሽልማት ሰለስቲኣን 2ይ ደረጃ ኣብዮተ ትምህርቲ፡ ንወለድን ተሸለምቲ ተማሃሮን ሓጎሶም ከኻፍሉና ተወከስናዮም ነይርና። ፈለማ ዝተወከስናዮ፡ 3.0 ነጥቢ ኣምጺኡ ዝተሸለመ ተማሃራይ ክብሮም ፍስሃየ ካብ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ እዩ። ተማሃራይ ክብሮም፡ ነዚ ዓወት ዝበቕዐ ኑቲ ዝተማህሮ ብዘየቋርጽ ስለ ዝደገሞን ኣብ ክፍሊ ስለ ዝተኸታተለን ከምኡ'ውን ምስ ኣዕሩኽቱ ብሓባር ስለ ዘጽንዐን ምዃኑ ገሊጹ። “ወለደይ፡ ካብ ፈለማ ካብ ጎድነይ ከይተፈልዩ ምትብባዕን ምኽትታልን ስለ ዝገብሩለይ፡ እዚ ተቐቢለዮ ዘለኹ ሽልማት ንዓታቶም ኣወፍየዮ ኣለኹ” ድማ ኢሉ።

ተማሃራይ ህዝቕኤል መንገሻ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ፡ 3.6 ነጥቢ ኣምጺኡ ዝተሸለመ'ዩ። ንሱ፡ ኣብዚ ደረጃ ክበጽሕ ዝኸኣለ፡ ኣብ ትምህርቱ ጸኒዑ ስለ ዝተኸታተለን ዝጠዓሞ ግዜኡ ኣብ መጽናዕቲ ስለ ዘሕለፎን ምዃኑ ብምሕባር፡ ኑዩም ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ጀሚሮም ክሳብ ሕጂ ዘይሕለል ጻዕርን ሓልዮትን ዝገበሩሉ ወለዱን መማህራኑን ኣመስጊኑ። ኣብ ሳዋ፡ ርእሱ ክኽእልን ተማሃሪ ንመጻኢ ዝኾኖ መረዳእታ ክቕስምን ከም ዝኸኣለ ብምሕባር ከኣ፡ ካልኦት ተማሃሮ ኣሰርም ክስዕቡ ተላቢዩ።

ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ ዝተሸለመ ተማሃራይ ሮዲ ዳዊት ካብ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ'ውን፡


ተማሃራይ ሴም ረድእ

“ዓወተይ፡ ኑዩም ኣብ ትምህርተይ ማሰረት ዘትሓዙኒን ሓይሊ ዝኾኑኒን ወለደን መማህራነይን ኣወፍዮ” ድሕሪ ምባል፡ ብወገኑ'ውን ካብ ንእስነቱ ብፕሮግራም ከም ዘጽንዐ፡ ኣብ ክፍሊ መምህር እናገለጸ ብጽሞና ከም ዝከታተል፣ ኣብ ሳዋ ንግዜኡ ብግቡእ ይጥቀመሉ ምንባሩ ሓቢሩ።

ተማሃሪት ናጽነት የማነ'ውን ካብ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ ኮይና፡ 3.4 ነጥቢ ኣምጺኣ ዝተሸለመት'ያ። ተማሃሪት ናጽነት፡ እዚ ዓወት ሳላ ዘይሕለል ደገፍን ሞራልን ወለዳን መማህራናን ከም ዝተረረቶ ጠቒሳ፡ ብውልቃ'ውን ካብ ፈለማ ኣብ ክፍሊ ብግቡእ ትከታተልን ተጽንዕን ስለ ዝነበረት፡ ሎሚ ፍረ ጻማ ክትዓትር ምብቅዓ ሓጎሳ ትገልጽ። ሳዋ፡ ምስ ጠባይ ብዙሓት እናተሳሃኸት ክትነብር፡ ርእሳ ምትእምማን ከተጥርን ርእሳ ክትካእልን ከም ዝሓገዛ ብምግላጽ ከኣ፡ ናይ ኮሌጅ ትምህርታ ብዝለዓለ ወዳኣ፡ ንህዝባ ሃገራን ክትከሕስ ዘለዋ ጽኑዕ እምነት ገሊጻ።

ወላዲኣ ኣቶ የማነ ዓንደብርሃን'ውን፡ ናጽነት ጓሉ ብዘተግባኣረቶ ዓወት ሓጎሱ ወሰን ከም ዘይብሉ ብምግላጽ፡ ለይትን ቀትርን ኣጸኒዓን ተማሃራን ጻማኣ ምርካብ ሓጎሱ ገሊጹ። ከም ወላዲ ዘድልያ እናቐረበ ሞራል ከም ዘሰነቓ ብምሕባር ከኣ፡ ኣብ ኮሌጅ'ውን ኣበርቲዓ ጸዒራ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕ ተላቢዩ። ወላዲታ ወ/ሮ ኤልሳ ቀሺ እስጢፋኖስ ብወገና፡ ናጽነት ጓላ ልዑል ድሌት ዘለዋ፣ ኣብ ትምህርታ'ውን ብልጽትን ብፕሮግራም ተመሪሓ ተጽንዕን ምዃና ብምግላጽ፡ ፍረ ጻማ ናይ'ቲ ንዊሕ ዓመታት ዝጸዓረትሉ ትምህርቲ ምሕፋሳ፡ ሕጉስቲ ከም ዝገበራ ገሊጻ።

ተማሃራይ ስምኦን ገብረየውሃንስ'ውን ካብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ዘምጽኣን ወከል ተሸለምቲ ኮይኑ መደረ ዘሰምዐን እዩ። ንሱ፡ ሓደ ተማሃራይ እንተ ጸዒሩን ኣበርቲዑ እንተ ሰሪሑን ዘይዕወተሉ ምኽንያት ከም ዘየለ ብምሕባር፡ ነዚ ሽልማት ዝበቕዐ፡ ሳላ ኣበርቲዖም ዝጸዓሩን ልዑል ምክትታል ወለዶምን መማህራኖምን ምዃኑ ሓቢሩ። ብውልቁ'ውን ምስጢር ዓወቱ፡ ናይ ግዜ ርእሱ መደብ ሓንጺጹ ስለ ዝተጓዕዘን ተገዚሁ ስለ ዝሰርሐን፣ ከምኡ'ውን ኑቲ ዝሓለፈ ዝሓሰቦ ስለ ዝኣበርን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብዚ ደረጃ ክበጽሕ ምኽንያት ዓወቱ ንዝኾኑ ወለዱን መማህራኑን ኣመስጊኑ።

ወላዲኡ ጆሜትራ ገብረየውሃንስ ብወገኑ፡ ወላዲ ኣብዚ ደረጃ ዓወት ክበጽሕ ምብቃዑ ዘተሰምዖ ሓጎስ ብምግላጽ፡ ከም ወላዲ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ቤታ ዝኸደላ መንገዲ ከም ዘርኣዮ ሓቢሩ። ምስኡ'ውን፡ ምስ ኩሎም ደቁ ከም መሓዛኦም ኮይኑ፡ ማሕበራዊ ኮነ ሃገራዊ ጉዳያት ሓቢሩ ስለ ዝዛተን ዘላዘበን ደቁ ኣብ ትምህርቶም ንቑሓት ክኾኑ ከም ዝሓገዞም ይገልጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ንደቁ ምሉእ ግዜኡ ስለ ዘጥፍኣሎም፡ ኣቐዲሙ'ውን ተመሳሳሊ ሽልማት ዓቲሩ ናብ ኮሌጅ ተጸንቢሩ ተማሃራይ ሕጊ ሳልሳይ ዓመት ዘሎ

ናትናኤል ዝተባህለ ወላዲ ከም ዘለዎ ጠቒሱ፡ ወሉዱ ምስ ደቆም ግዜ ከሕልፉ መኸሩ።

ተማሃራይ ሴም ረድእ'ውን ካብ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ኣስመራ ሓፈሻዊ ኮይኑ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ ዝተሸለመ'ዩ። ንሱ፡ ምስጢር ዓወቱ


መም/ ሰመረ ሱልጣን

ዝበርሆ ልዑል ተጉዳስነት፣ ምስኡ ከኣ፡ ሞራልን ምትብባዕን ወለዱ ከም ዝኾነ ጠቒሱ፡ ዓወቱ ንወለዱ ከም ዘወፍዮ ሓቢሩ። ኣብ ሳዋ፡ ማሕበራዊ ሂወት፡ ዓቕሊ፡ ፍቕሪ፡ ምትሕልላይ፡ ርእሰ


ተማሃሪት ናጽነት የማነ


ተማ/ ስምኦን ገብረየውሃንስ

ምትእምማን ከም ዝተማህረ'ውን ገሊጹ።

ካብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ ተማሃሪት ሰምሰም ተከስ፡ 3.2 ነጥቢ ኣምጺኣ ዝተሸለመት'ያ። ንሳ፡ ወለዳ ካብ ንእስነት ጀሚሮም ዝኸደላ እናመልኡን ብግቡእ እናኸታተሉን ሳላ ዘምሃሩዋን ዝተኸታተሉዋን ኣብዚ ደረጃ ክትበጽሕ ከም ዝኸኣለት ብምግላጽ፡ ዘተኣደደቶ ውልቃዊ ጻዕርን ምትብባዕ መማህራናን እውን ኣካል ዓወታ ምዃኑ ሓቢራ። ብዕላማ ምጉዓዝ ኣብ ዓወት ከም ዘብጽሕ ዝገለጸት ተማሃሪት ሰምሰም፡ ኩሎም ንኣሽቱ ተማሃሮ ብዕላማ ክጽንዑን ክጉዓዙን መኺራ።

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ውድድር ቼስ ኤርትራ ተዛዚሙ

ብ1 መስከረም ዝጀመረ ዓመታዊ ውድድር ሻምፕዮን ቼስ ኤርትራ፣ ብ9 መስከረም ኣብ ኣዳራሽ ማእከል ኣሊምፕ ኣፍሪቃ ኣስመራ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ውድድር፣ ካብ ኩለን ዞባታት፣ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋን ዝተዋጽኡ 38 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 90 ተወዳደርቲ ተሳቲፎም።

ኣብዚ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊታት ዕድመ ንዝርከቡ ተወዳደርቲ ክፉት ዝበረ፣ ካብ ደቂ ኣንስትዮ - ኤልሳ ሓይልኣብ፣ ማክዳ ኣርኣያን ኣዝመራ ኢሳያስን ክዕወታ እንከለዋ፣ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፣ ዳኒኤል ደበሳይ፣ ሩፋኤል ኣብርሃምን ቶማስ ኣርኣያን ቀዳሞት ሰለስተ ዕውታት ብምዃኖም ዝተዳለወሎም ሽልማት ተቐቢሎም።



እቲ ልዑል ናይ ተወዳደርቲ መንፈስ ዝተንጸባረቐሉ ውድድር፣ ዕቤትን ዝርግሐን ናይዚ ዓውዲ ናብ ኩሉ ኩርንዓት ሃገር ናይ ምብጻሕ ዕማም ዕዉት ምንባሩ ዘርኣየ ምዃኑ ተገሊጹ። ውድድር ቼስ ኣብ ሓጺር እዋን መስሕብ ስፖርታውያንን ተማሃሮን እናኾነ ይመጽእ ምህላዉ'ውን ፕረዚደንት ናይቲ ፌደረሽን መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ምግላጹ፣ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሓቢሩ።

---

## ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ ሰኪዐት ክካየድ እዩ

ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ ሰኪዔት 3-ብ3 (3X3) ናይ ትሕቲ 17 ዓመት፣ ካብ 14ን 15ን መስከረም ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ እዩ።

እዚ "ስፖርታዊ ጭውነት ንዛባዊ ምሕዝነት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝካየድ ሻምፕዮን፣ ካብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ብኽልተኡ ጾታ ዝውክላ ጋንታታት ክሳተፍኦ ምዃነን ተሓቢሩ። ሰኑይ 14 መስከረም ድማ ሰዓት 8 ቅ.ቐ ኣብ ሜዳ ግራንድ ሆቴል ክፍልም ምዃኑ፣ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰኪዔት ኤርትራ ሓቢሩ።

## ከረን - ግጥማት ትሕቲ 17 ዓመት ኣብ መዛዘሚ በጺሑ

ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ዝሰላሰል ዘሎ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 17 ዓመት፣ ብቕድሚ ትማሊ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታታት ኣሰላሲሉ።




ቀዳማን ከረንን ሓልሓልን ተራኺበን። ከረን ብበሪሕ ክትስዕር ብምጽንሓ ኽትስዕወት ዓቢ ግምት ተዋሂብዋ ነይሩ። እንተኾነ ጸወታ 0-ብ0 ብምዝዛሙ፣ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን። ሓልሓል ድማ ካብ ትጽቢት ብዝሓለት ወጺኢ ንከረን 4-ብ3 ስዒራ ናብ ፍጻመ ሓሊፋ።

ጸወታ ዒላበርዕድን ገሉብን ድማ፣ ገሉብ ኣብ መበል 47 ደቒቕ ካብ መብረክ ኣማን ብዝረኸበታ ሽቶ 1-ብ0 ብምዕዋት ናብ ፍጻመ ሓሊፋ።

በዚ ከኣ፣ ሰንበት 13 መስከረም ገሉብን ሓልሓልን ኣብ ፍጻመ፣ ከረንን ዒላበርዕድን ኣብ ናይ ደረጃ ግጥሚት ክራኸባ ምዃነን ወከልቲ ዜና ናይቲ ዞባ ሓቢሩ።

---

## ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ጽባሕ ክዛዘም እዩ

ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ዝኸሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝካየድ ዘሎ ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፣ ብሓሙስን ዓርብን ናይ ክልተኡ ጾታታት ግጥማት ኣሰላሲሉ።

ሓሙስ፣ ሓሙሽተ ግጥማት ኣብ ዝተኻየደሉ፣ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ሳሊና ንዜሮ፣ ዓላ ንዓዲቦ ብተመሳሳሊ 2-ብ0 ብምስዓር ናብ ፍጻመ ሰጊረን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ክልተ ግዜ ዓወት ዘስተማቕራ ማሕታን ዓራርብን ኣብ ዝካየደኦ ጸወታ፣ ዓራርብ 25-ብ23 ከምኡ'ውን 25-ብ18 ብድምር 2-ብ0 ስዒራ ናብ ፍጻመ ሰጊራ። ዓራርብ (ንኣስ ዞባ ገዛ ባንዳ) ብዘርኣየቶ ብሉጽ ጸወታ ከኣ ካብ ኮሚቴ ስፖርት ናይቲ ንኡስ ዞባ ምሉእ ዕጥቂ ቱታ ተወፍዩላ።



ካብ ክልተ ጸወታታት ሓሓደ ዓወት ዝበረን ገሮግርን ደንደንን ኣብ ዝተጋጠማሉ፣ ዝለዓለ ምንቅስቓስ ኣርእዮም። ገሮግር፣ ንቀዳመይቲ ሴት ስዒራታ'ኳ እንተነበረት፣ ደንደን ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ብጸቢብ 2-ብ1 ብምዕዋት፣ ንገሮግር ካብ ውድድር ኣልያታ።

ሓሙሻይቲ ጸወታ ናይቲ ዕለት፣ ንፍጻመ መን ትሓልፍ እተፍልጥ ኣብ መንጎ ጋንታታት ዓንሰባ ፕንፈሎምን ዝተኻየደት ነይራ። እዘን ጋንታታት ሓቐፊንኦም ዝርከብ ተጻወትቲ ኣብ ዝሓሸ ቁመና ዝርከቡ ብምዃኖም፣ ሓያል ውድድር ተንጸባሪቑ። ኣብ ፈለማ ዓንሰባ ጸወታ ተቖጻጺራ ትመርሖ'ኳ እንተነበረት፣ ንዓወት ዘኽእል ግና ኣይነበረን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸወታ ዓወት ዘይፍለየ ፕንፈሎም ድማ ኣብ ክልተ እብረ 25-ብ16 ከምኡ'ውን 25-ብ22 ብምስዓር ናብ መዛዘሚ ክትሓልፍ በቒዓ።

ትማሊ ዓርቢ፣ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዓዲቦን ዜሮን ንደረጃ ገጢመን። ዜሮ ድማ 2-ብ0 ብምስዓር፣ ሳልሳይ ደረጃ ኣውሒሳ።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ማሕታ ንሰዒሕዔላ፣ ደንደን ንዓንሰባ 2-ብ0 ብምስዓር ካብ ውድድር ኣልየንኦን። ክልተአን ዕዉታት ከኣ፣ ሰንበት ናይ ደረጃ ጸወታ ይጽበየን።

እዚ ውድድር፣ ሰንበት ካብ ሰዓት 1፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣትሒዙ ብዝስላሰሉ ግጥማት ክዛዘም እዩ። በዚ ድማ ሳሊናን ዓላን ብደቂ ኣንስትዮ፣ ዓራርብን ፕንፈሎምን ብደቂ ተባዕትዮ ኣብ ፍጻመ ክራኸባ እየን።

---

## ፕድሮ፥ ዝበለጸ ተጻዋታይ ወርሒ ነሓሰ ተባሂሉ

ኣጥቃዓይ ቸልሲ - ጃኦ ፕድሮ፥ ናይ ወርሒ ነሓሰ ዝበለጸ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ተጻዊዑ።




እዚ ብራዚላዊ ኣብታ ወርሒ ኣብ ሰለስተ ግጥማት፣ ክልተ ሽቶታትን ክልተ ናይ ሽቶ ዕድላትን ሃንዲሱ።

ናይዚ ወቕቲ ናይ መጀመርያ ዕውት ዝኾነ ፕድሮ፥ ኣብ 2020 ናብ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝመጸሉ ከኣ፣ ንፈለማ ግዜ እዩ ነዚ ወርሓዊት እትዕደል ሽልማት ዝዕተራ ዘሎ።

እዚ ወዲ 25 ዓመት መንእሰይ፣ ሻውዓይ ብራዚላዊ ነዛ ሽልማት ዝዕተራ'ውን ኮይኑ - ድሕሪ ጁኒኞ ፓውሊስታ፣ ኢዱ፣ ዳቪድ ሉዊስ፣ ሉካስ ማውራ፣ ሮድሪጎ ሙኒዝን ኢገር ቲያጎን።

ኣብ መኽፈቲ ሰሙን ኣብ ልዕሊ ፉልሃም ኣብ 31 ካልኢት ሽቶ ብምቑጻር ዛጊት ናይዚ ወቕቲ ዝቐልጠፈት ሽቶ ኣመዝጊቡ ዘሎ ፕድሮ፥ ንወዲ ጋንታኡ ፓልመር፥ ካላፊዮሪ - ኣርሰናል፥ ቸርኪ - ማን ሲቲ፥ ፈርናንደዝ - ማን ዩናይትድ፥ ሳንጋሬ - ብሬንትፎርድ፥ ዞላከስ - ሁል ከምኡ'ውን ዊሳ - ኒውካስል በሊጹ እዩ ተጻዊቱ።

ቸልሲ ድማ ድሕሪ ክልተ ዓመታት ብመገዲ ተጻዋታያ ነዛ ሽልማት ተጻዊዓትላ። ተጻዋታይ ቸልሲ ንመወዳእታ ግዜ ነዛ ሽልማት ዝዕተራ ኮል ፓልመር ኮይኑ፣ ኣብ መስከረም 2024 ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፣ ሰርጆ ጃከሮቪች ናይ ሁል ሲቲ ንኣርቴታ፣ ኣሎንሶን ማረስካን ቀዲሙ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ተሰይሙ። ኣጥቃዓይ ኒውካስል - ኣንቶኒ ኢላንጋ ኣብ ልዕሊ ቶተንሃም ዘመዝገባ ሽቶ ድማ ዝበለጸት ሽቶ ናይታ ወርሒ ተባሂላ።

---

## ፋብሪጋዝ፡ ንኮሞ ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘብቅዓ ዓላሚ

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ገለ ኣዝዮም ንፉዓት ተጻወትቲ ዝነበሩ፣ ንፉዓት ኣሰልጠንቲ ክኾኑ ኣይረኣዩን፣ ብኣንጻሩ ኣዝዩ ዕዉት ግዜ ዘሕለፉ ግና ኣለዉ።

ኣብዚ እዋን፣ ሓደ ካብቶም ዕዉት ግዜ ዘሕለፉ ዘለዉ ከኣ ኣሰልጠንቲ፣ ሰስ ፋብሪጋዝ እዩ። እዚ ስጳኛዊ ኣብ ግዜኡ ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ኣከፋፈልቲ ምንባሩ ይዝከር።

ምስ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ኣርሰናል፣ ባርሴሎናን ቸልሲን ዕዉት ግዜ ዘሕለፈን ዋንጫ ዓለምን ኤውሮጳን ምስ ሃገሩ ዝዕተረን ፋብሪጋዝ፣ ኣብ ነሓሰ 2022 ናብ ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ኢጣልያ (ሰሪ ቢ) ትጻወት ዝነበረት ክለብ ኮሞ ተሰጋጊሩ። ኣብ ሓምለ 2023 ድማ ጥሮታ ወጺኡ።

ይኹን እምበር፣ ኣካል ፕሮጀክት ናይታ ጋንታ ብምዃኑ፣ ምስ ግዜ ካብ ወሰንቲ ኣባላት ኮይኑ። ናይ ትሕቲ 19 ዓመት ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ ክዕልም ዝተመዘ ፋብሪጋዝ፣ ድሕሪ ምብራር ኣሰልጣኒ ቀዳመይቲ ጋንታ ኮሞ ሞርጎን ሎንጎ ከም ተሓጋጋዚ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ኦሲያን ሮበርትስ ኮይኑ ሰሪሑ። እዛ ጋንታ፣ ኣብ ሰሪ ቢ ካልኣይቲ ኮይና ብምዝዛማ ከኣ ድሕሪ 21 ዓመታት ናብ ሰሪኣ (ቀዳማይ ዲቪዥን) ክትሓልፍ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ።

ፋብሪጋዝ ካብ ዩኤፋ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ምስልጣን ሕጋዊ ወረቐት ምስ ሓዘ፣ ምሉእ ሓላፍነት ምስልጣን ኮሞ ተቐቢሉ። ኣብ 2024-25 ድማ 10ይቲ ኮይና ክትዛዝም ኣኽኢሉዋ። ዝሓለፈ ወቕቲ ግና፣ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ንዓበይቲ ክለባት ኤሲ ሚላን፣ ጁቬንቱስ፣ ኢንተርናሽናልን ላዚዮን በሊጻ ራብዐይቲ ክትዛዝም፣ ኣብ 2026-27 ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትሳተፍ ኣብቂዕዋ - ንፈለማ ግዜኡ ምዃኑ እዩ።



ሓሙስ ምሸት ከኣ፣ ኣብ ቀዳማይ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታኣ፣ ንጀርመናዊት ክለብ ኣርቢ ሌፕዚግ ኣብ ሜዳኣ ዓዲማ ብበሪሕ 4-ብ1 ስዒራታ። ኮሞ ድማ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት፣ ካብ ሰሪ ቢ ናብ ዓወት ሻምፕዮንስ ሊግ በጺሓ ኣላ።

ዛጊት ናይ ወሰናት ዓመታት ጉዕዞ ምስልጣን ፋብሪጋዝ ዕዉት እዩ ዘሎ። በዚ ኣብዛ ክለብ ዘርኣዮ ናይ መራሕነት ብሉጽ ብቕዓት ድማ ኣብ ራዳር ዓበይቲ ክለባት ክኣቱ ክኢሉ ኣሎ። ኣብ ቀጻሊ ኣብ ሓንቲ ስሙይቲ ክለብ ክንርእዮ'ውን ትጽቢት ኣሎ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ ራብዓይ ሰሙን**

ሊቨርፑል - ፉልሃም 5፡00 ድ.ቀ

ክሪስታል ፓላስ - ኢፕስዊች 5፡00 ድ.ቀ

ቦርንማውዝ - ብሬንትፎርድ 5፡00 ድ.ቀ

ኣስቶን ቪላ - ኖቲንግሃም 5፡00 ድ.ቀ

ቸልሲ - ሃል ሲቲ 5፡00 ድ.ቀ

ቶተንሃም - ኤቨርተን 7፡30 ድ.ቀ

ሳንደርላንድ - ኣርሰናል 10፡00 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ ሓሙሻይ ሰሙን**

ሪያል ማድሪድ - ሪዮ ቫዮካኖ 10፡00 ድ.ቀ

**ሰሪ'ኣ ራብዓይ ሰሙን**

ላዚዮ - ኤሲ ሚላን 7፡00 ድ.ቀ

---

## ግምታት ክሪስ ስቱንን ኮምፕዩተርን ኣብ ራብዓይ ሰሙን ግጥማት ፕሪመር ሊግ

| | ኣስቶን ቪላ - ኖቲንግሃም | ቦርንማውዝ - ብሬንትፎርድ | ቸልሲ - ሃል ሲቲ |
|---|---|---|---|
| ስቱን፥ | 2 - 1 | 1 - 2 | 3 - 0 |
| ኮምፕዩተር፥ | 2 - 1 | 2 - 2 | 3 - 0 |
| | ክሪስታል - ኢፕስዊች | ሊቨርፑል - ፉልሃም | ቶተንሃም - ኤቨርተን |
| ስቱን፥ | 2 - 1 | 2 - 1 | 1 - 1 |
| ኮምፕዩተር፥ | 2 - 0 | 3 - 1 | 2 - 1 |
| | ኣርሰናል - ሳንደርላንድ | ኮቨንትሪ - ብራይተን | ማን ዩናይትድ - ማን ሲቲ |
| ስቱን፥ | 0 - 1 | 1 - 2 | 2 - 2 |
| ኮምፕዩተር፥ | 1 - 3 | 1 - 2 | 2 - 2 |

ጸወታ ሊድስን ኒውካስልን ከኣ፣ ስቱን 1-ብ1፣ ኮምፕዩተር ከኣ፣ ኒውካስል 2-ብ1 ክትዕወት ገሚቶም ኣለዉ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ፑቲን፡ ኣብ ዋዕላ ብሪክስ ንምስታፍ ናብ ህንዲ ኣምሪሑ

ትማሊ ዓርቢ፡ ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኣብቲ ንመበል 18 ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ዋዕላ ብሪክስ ንምስታፍ ናብ ህንዲ ከም ዘምርሐ ተሓቢሩ።

ዑደት ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ ህንዲ ካብ 11 ክሳብ 13 መስከረም ክቕጽል ምዃኑ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።



ሎሚ ዓመት፡ ህንዲ ዝ. ዋዕላ ኣብ ትሕቲ "ጽንዓት፡ ምህዞ፡ ምትሕብባርን ዘላቕነትን ምህናጽ" ዝብል ቴማ እያ እተኣንግዶ ዘላ።

ጉጅለ 'ብሪክስ' ንዝ11 ሃገራት ዝሓቘፈ ኮይኑ፡ ንንግዲ፡ ፋይናንስ፡ ተክኖሎጂን ካልኦትን ዝምልከት ኣጀንዳታት ሐዙ ዓመታዊ ከም ዝጋብኦ'ዩ ዝነገረሉ።

ጎድኒ ጎድኒ እቲ ኣብ ህንዲ ዝካየድ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ፑቲንን ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲን ተራኺቦም፡ ኣብ ንግዲ፡ ጸጥታ፡ ምክልኻልን ካልእ ጽላታትን ዘተኮረ ዘተ ከካይዱ ትጽቢት ኣሎ።

ክልተኦም መራሕቲ ኣብቲ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ኣብ ከተማ ቢሽከክ - ኪርጊዝስታን ዝተኻየደ 'ዋዕላ ምትሕብባር ውድብ ሻንሃይ' ተራኺቦም፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ዛዕባታት ዘትዮም ምንባሮም ይዝከር።

## ኣልጀርያ፡ ምስ ኢማራት ዝጸንሓ ዝምድና በቲኻ

ኣልጀርያ፡ ምስ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ዝጸንሓ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ከም ዘብተኸት ኣፍሊጣ።

መንግስቲ ኣልጀርያ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ 'ተኸታታሊን ተጻባኢን' ዝበሎ ተግባራት ክተወግድ ክቐርባ ንዝጸንሐ ተደጋጋሚ ጻውዒት ዕሽሽ ብምባላ፡ ነቲ ስጉምቲ ክወስድ ከም ዝተገደደ ኣመልኪቱ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣልጀርያ፡ ተግባራት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ክጸወር ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ከም ዝበጽሐ፡ እዚ ከኣ ክልተኣዊ ዝምድናኦን ንምዕቃብ ክካየድ ንዝጸንሐ ጻዕርታት ኣገዚፉ ከም ዘናኸሞ ገሊጹ።



ከም ኣካል ናይቲ ውሳኔ፡ ኣልጀርያ፡ ኣምባሳደር ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ካብ ኣልጀርስ ክወጽእ ክትእዝዞ እንከላ፡ ካብ ትማሊ ዓርቢ ጀሚራ ከኣ ክሊ ኣየራ ንሲቪላውን ወተሃደራውን ነፈርቲ ናይታ ሃገር ከም ዝኸልከለት ኣፍሊጣ።

ካብን ናብን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኣልጀርያን ዝካየድ ንግዳዊ በረራታት ግና፡ ክሳብ መወዳእታ 2026 ክቕጽል ምዃኑ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣልጀርያ ኣሕዊሩ ኣሎ።

ዝምድና ኣልጀርስን ኣቡዳብን፡ ብሰንኪ ኣብ ብርክት ዝበሉ ዞባዊ ዛዕባታት ዘለወን ናይ ኣመለኻኽታ ፍልልያት፡ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ጀሚሩ እናላሕልሐ ከም ዝመጽአ እዩ ዝግለጽ።

## ኮንጎ - ብሓደጋ ባርዕ 29 ቈልዑ ሞይቶም

ኣብታ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23 እትርከብ ከተማ በካቩ - ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ኣብ ክልተ ኣብያተ ትምህርቲ ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ብውሑዱ 29 ቈልዑ ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ሰባት ከም ዝሞቱ ተሓቢሩ።

ሰበ ስልጣን ናይቲ ከባቢ፡ እቲ ባርዕ ሓዊ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ኡጃማን ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፋራሃን ከምኡ'ውን ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዝርከቡ ካብ ዕንጸይቲ ዝተሰርሑ 300 መንበሪ ኣባይቲ ከም ዘጋጠመ ኣሕሊፎም።

እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ ተማሃሮ ናይተን ኣብያተ ትምህርቲ ብሰንኪ እቲ ባርዕ ሓዊ ከም ዝሰንበዱ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ካብቲ ሓደጋ ከምልጡ ክበሉ ብዝተፈጥረ ጽቕጥቕጥ ብርክት ዝበሉ ተማሃሮ ግደ መቑሰልትን ማዕበስትን ኮይኖም ከም ዘለዉ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን እውን፡ ኣብታ ከተማ ልዕሊ 45 መንበሪ ኣባይቲ ብባርዕ ሓዊ ከም ዝተሃሞኹ ምንጭታት ይሕብሩ።

በካቩ፡ ኣብቲ ብማዕድናት ሃብታም ዝኾነ ምብራቓዊ ክፋል ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ እትርከብ ከተማ ኮይና፡ ካብ ለካቲት ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዛ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይቲ ብርዋንዳ ከም ዝድገፍ ዝነገረሉ ኤም-23 ከም ዘላ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ካናዳ፡ ንዩክሬን ክትሕግዝ ተሰማሚዓ

ካናዳ፡ ንዩክሬን ልዕሊ 250 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ መከላኸሊ ሚሳይል ክትልእኸላ ምዃና፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ማርክ ካርኒይ ኣፍሊጦም።

ንሱ ዝ. ዘፍለጦ፡ ድሕሪ'ቲ ምስ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ኣብ ከተማ ካልጋሪ ዝካየዶ ዝርርብ እዩ።

ቁጽሪ ናይቲ ዩክሬን ባለስቲካዊ ሚሳይል ፌደረሽን ሩሲያ ንምክልኻል ክትጥቀመሉ ዝጸንሐት ካብ ኣመሪካ ዝተላእኸላ ስርዓተ መከላኸሊ ሚሳይል፡ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ከም ዘንቆልቆለ እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።

እቲ ወተሃደራዊ ሓገዝ፡ ዩክሬን ንዜጋታታ፡ ትሕቲ ቅርጻን ክሊ ኣየራን ካብ መጥቃዕትታት ሩሲያ ንምክልኻል ከም ዝሕግዝ ዝገለጸ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ እቲ ስርዓተ መከላኸሊ ሚሳይል ዓይነቱ እንታይ ምዃኑን መዓስ ከም ዝለኣኽን ግን ተወሳኺ ሓበሬታ ኣይሃቡን።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ብወገኑ፡ ካናዳ ንዘበርከተትሉ ሓገዝ እኳ እንተ ኣመስገነ፡ መጥቃዕትታት ሩሲያ ንምምካት ግን ተወሳኺ ደገፍ ከም ዘድልዮ ሓቢሩ።

ካናዳ ካብ 2022 ክሳብ ሕጂ፡ ብድምር ልዕሊ 25 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራውን ፋይናንሳውን ሓገዛት መጥያትላ ከም ዘላ'የም ጸብጻባት ዘመልክቱ።



## ሑቲ፡ ንገማግም ባሕሪ የመን ይቆጻጸር

ምንቅስቓስ ሑቲ፡ ነታ ኣብ ስትራተጂያዊ መጸበብ ባብ ኤል-መንደብ ዘላ ቁጽጽር እተሐይል ወደባዊት ከተማ 'ሞካ' ዝሓለፈ ሓሙስ ድሕሪ ምቁጽጻሩ፡ ትማሊ ዓርቢ ከኣ ዳርጋ ንመላእ ገማግም ባሕሪ የመን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዘእተዎ ተሓቢሩ።

ኣቦ-መንበር ላዕለዋይ ባይቶ የመን ራሻድ ኣል-ኣሊሚ፡ ኣብ ወደባት ቀይሕ ባሕርን መጸበብ ባብ ኤል-መንደብን ዝርአ ዘሎ ምዕባለታት፡ ንጸመን ጥራይ ዘይኮነ ንንግዲ ናይቲ ዞባን ዓለምን እውን ዝጸሉ ምዃኑ ኣተሓሳሲቡ።

እቲ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ መጸበብ ባብ ኤል-መንደብ ካልኣይቲ መጸበብ ሆርሙዝ ከይኮነት፡ የመን ከኣ ንኢራን ከይመስለት እንከላ፡ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ ሑቲ ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድ ተማሕጺኑ።

ከተማ ሞካ፡ ንመጸበብ ባብ ኤል-መንደብ ብቐሊሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታው እትሕግዝ ስትራተጂያዊት ወደባዊት ከተማ ምዃና'ዩ ዝነገረላ።

ኣፈኛ ሑቲ መሓመድ ዓብዱል ሳላም፡ ብዓያት ቀይሕ ባሕርን መጸበብ ባብ ኤል-መንደብን ዝካየድ ኣህጉራዊ ንግዲ ብዘይ ዕንቅፋት ይቕጽል ከም ዘሎ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብ ልዕሊ መራኽብ ስዑዲ ዓረብ ዝጸንሐ እገዳ ግና ከም ዘለዎ ክቕጽል ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሓማሴን | 12/09/2026 | ጎደና ሓማሴን -176 ቁ.1፡ ከባቢ ሴዳው | 120205 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565